# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 33 ዓመት ቁ.175 | ዓርቢ 22 መጋቢት 2024 | ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2




ቃንዛ መትኒ ምሕኹልቲ


ገጽ 3

ሞት 40 ሓራምዝ ኣሪት-ኪሎ ዘኸተለ ውግእ



ገጽ 4

ምንባብ ታሪኽ ህይወት ብሉጻት ሰባት



ገጽ 5

ምልክታ

ገጽ 7

ስፖርታዊ ውድድራት እዚ ተወርዋሪ ሓይሊ ይቕጽል




# ቤት-ጽሕፈት ጠቕላሊ ኦዲተር ኣብ ውጥን ሓሙሽተ ዓመት ዘትዩ



ቤት-ጽሕፈት ጠቕላሊ ኦዲተር፡ ትማሊ 21 መጋቢት ኣብ ኣዳራሽ ዞባ ማእከል ኣብ ዝገበሮ - ወከልቲ ናይ ስራሕ መሻርኽቲ ኣካላት መንግስቲ ዝተረኽቡሉ ኣኼባ፡ ካብ 2024 ክሳብ 2028 ኣብ ዝዝርጋሕ ስትራተጂያዊ ውጥን ሓሙሽተ ዓመት ዘትዩ።

ኣብ'ቲ ኣጋጣሚ፡ ዳይረክተር ስርዓት-ሓበሬታ ኦዲትን ምሕደራ ቴክኖሎጂ ሓበሬታን ኣቶ ኣማኑኤል ኢሳቕ፡ ተልእኾ፡ ሸቶታትን ዕላማታትን ከምኡ'ውን ትጽቢት ዝገበረሉ ወጽኢት ናይ'ቲ ውጥን ብዝምልከት መግለጺ ኣቕሪቡ።

እዚ ንትግበራ ዝበጽሕ ዘሎ ሳልሳይ ገጽ ስትራተጂያዊ ውጥን፡ ብደረጃ ዓለም ተቐባልነት ዘለዎም መምርሒታት ኣብ ግምት ዘእተወ ኮይኑ፡ ምርግጋጽ - ግሉጽነትን ተሓታትነትን ዘለዎ ትግበራ ፖሊሲታትን ኣገባባትን፣ ምምሕያሽ ትካላውን ምሕደራውን ብቕዓት ስራሕ፣ ምምዕባል ዘላቒ መደባት ስልጠና፣ ምሕያል ደረጃኡ ዝሓለወ ንጥፈታት ኦዲትን ክለሳ ኣገልግሎትን፣ ከምኡ'ውን ምብራኽ ንቕሓት መሻርኽቲ ዘጠቓልል ዕላማታት ዝሓዘ እዩ።

ጠቕላሊ ኦዲተር ኤርትራ ኣቶ ግብረዝጊአብሄር ግብረመድህን ንኣሪና ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ጽፈት ስራሕ ትካላት ዘረጋግጽ ስትራተጂካዊ ወጥናት በብዓዋሩ ክሰርሓሉ ከምዝጸንሐ ብምጥቃስ፡ ኣፈጻጽማ ስራሕ - ካብ 2007 ክሳብ 2011 ዝነበረ ቀዳማይ ገጽ - 89 ሚእታዊት፣ ካብ 2019 ክሳብ 2023 ዝዘርጋሐ ካልኣይ ገጽ ድማ - 87 ሚእታዊት ከምዝነበረ ኣረዲኡ።

ቅርዑይ ኣካይዳን ግቡእ ምሕደራ ጸጋታትን ከረጋግጹ፡ መሻርኽቲ ኣካላት ብቤት-ጽሕፈት ጠቕላሊ ኦዲተር ዝቐርብ ርእይቶታት ኣብ ግብሪ ከውዕላን ኣድላዪ ምትሕብባር ክገብራን ድማ ተላቢዩ።

ብኣዋጅ ቁጽሪ 23/1992 ዝቖመ ቤት-ጽሕፈት ጠቕላሊ ኦዲተር፡ ብኣዋጅ ቁጽሪ 37/1993 ከምኡ'ውን ሕጋዊ ምልክታ ቁጽሪ 14/1993፡ ንኹለን ትካላት መንግስቲ ኦዲት ናይ ምግባር ሓላፍነት ኣለዎ።

# ባጽዕ - ማእከል ሞያዊ ስልጠና ሰራሕተኛታት 48 መንእሰያት ኣመረቐ




ብምትሕብባር ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ሃ.ኮ.ሰ.ኤን፡ ኣብ ማእከል ሞያዊ ስልጠና ሰራሕተኛታት - ባጽዕ ንሰለስተ ኣዋርሕ ብዓውደ-ሞያታት ጽርበት ሓጺንን ዕንጸይትን ኤሌክትሪሲትን ዝሰልጠኑ - 48 ሓደርቲ ስልጠንቲ መንእሰያት፡ ብ15 መጋቢት ተመሪቖም።

ኣብ'ቲ ስነስርዓት፡ ምክትል ዳይረክተር ናይ'ቲ ማእከል ኢንጅነር ኣኽሊሉ ኣስመሮም፡ ማእከል ሞያዊ ስልጠና ሰራሕተኛታት፡ ካብ ዝተፈላለየ ኩርናዓት ሃገር ንዝመጽኡ ሓደርቲ ሰልጠንቲ - ብውሑድ ቁጽሪ ሞያ ናይ ምዕጣቕ ስልጠናታት ክህብ ምጽንሑ፣ ክንድ'ዚ ቁጽሪ ዘለዎም ሓደርቲ ክሰልጥን ግን እዚ ናይ ሕጂ ንፈለማ ምዃኑ ገሊጹ።

ብኣካላት መንግስትን ግንባርን መሻርኽቲ ትካላትን ንዝተገበረ ደገፍ ሞጒሱ።

ኣብ ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ምምሕዳርን ፋይናንስን ኣቶ እማሃ ኪዳኑ ሰልጠንቲ ዝቐሰምዎ ትምህርቲ ብውልቃዊ ጻዕሪ ከማዕብልዎን ከዕምቑዎን ኣዘኻኺሩ።

ኣብ መወዳእታ፡ ንኹሎም ተመረቕቲ ወረቐት ምስክር፣ ጽቡቕ ዝርኣዩ ድማ መተባብዒ ሽልማት ክዕደል እንከሎ፡ ብሰልጠንቲ ዝፈረየ ወጽኢት ሓጺንን ዕንጸይትን ኤሌክትሪሲቲን ንምርኢት ቀሪቡ።

# ኣብ ግቡእ ምሕደራ ሰነዳትን መዛግብትን ኣስተምህሮ ተዋሂቡ

ማእከል ምርምርን ሰነዳን ህግደፍ፡ ኣብ ዝሓለፈ ቅንያት ኣብ ኣድላይነት ግቡእ ምሕደራ ሰነዳትን መዛግብትን ብምትኳር - ንሓለፍቲ ክፍልታትን ጨናፍርን ኣመሓደርቲ ንኡሳን ዞባታትን ዞባ ማእከል ኣስተምህሮ ሂቡ።

እቲ ብሓላፊት ማእከል ምርምርን ሰነዳን ህግደፍ ወ/ሮ ኣዜብ ተወልደ ዝተዋህበ ኣስተምህሮ፡ ሰነዳ ታሪኽን ኣተሓሕዝኡን፣ ምስናድን ምጽፋፍ መዛግብትን፣ ዝምድና ምሕደራ ሰነዳትን ምሕደራ ኣርካይቭስን፣ መርትዖኣዊ ሰደን ኣቀራርባ ጸብጻብን ቅጥዕታቱን - ዝብሉን ካልኦትን ኣርእስታት ዝሓዘ እዩ።

ኣብ ምምሕዳር ዞባ ማእከል ሓላፊ ክፍሊ ምምሕዳርን ፋይናንስን ኣቶ ተኪኤ ቀለታ፡ ሰልጠንቲ ብዝቐሰምዎ ፍልጠት ኣብ ዕለታዊ ስርሖምን ዝህብዎ ኣገልግሎትን ወጽኢታዊ ስራሕ ክሰርሑ ብምዝኽኻር፡ ንማእከል ምርምርን ሰነዳን ህግደፍ ኣመስጊኑ።

ተሳተፍቲ፡ እቲ ዝቐሰምዎ ፍልጠት - ኣብ ስራሖም ዘለዎ ኣገዳስነት ብምርግጋጽ፡ ብዕቱብ ክሰርሑሉ ምዃኖም ገሊጾም።





# ጥዕና

ሱሌማን ኣሕመድ

## ቃንዛ መትኒ ምሕኹልቲ

ቃንዛ መትኒ ምሕኹልቲ (Sciatic Nerve Pain)፡ ብሰንኪ ነድሪ ወይ መጕዳእቲ ኣብ መትንታት ምሕኹልቲ እዩ ዚጋጥም። እቲ ቃንዛ ካብ ግቡእ ወጻኢ ብዘኸኣ ኣጠቓቕማ ጭዋዳ ሕቝ ዚብገስ እዩ። እዚ ጸገም ኣብ ሓያሎ ሰባት ዚጋጥም ጥዕናዊ ጸገም እዩ። ብዙሕ ግዜ ኣህላኺን ከቢድ ጕልበት ዝሓትት ስራሕቲ ብምፍጻምና ዝስዕብ ኮይኑ፡ ኣቃውማና ብግቡእ ከየመዓራረና ነዊሕ ብምቕማጥ ወይ ከቢድ ነገር ብምልዓል'ውን ኪጋጥም ይኽእል።

ቃንዛ መትኒ ምሕኹልቲ፡ ንግዚኡ ብሰንኪ ዝፈጥሮ ቃንዛን ናይ ምንቅስቓስ ጸገምን፡ ካብ ስራሕ ከቡኩረና ዝኽእል'ኳ እንተኾነ፡ ብዙሕ ግዜ ከም ዓቢ ጸገም ኣይወሰድን እዩ። ይኹን'ምበር፡ ምስ ዚጋጥምና ክንገብሮ ዝግብኣና ፍወሳታት ኣለዉ።

**መትኒ ምሕኹልቲ እንታይ እዩ?**


መትኒ ምሕኹልቲ፡ ካብ ዓንዲ ሕቝ ዝብገስ ቀንዲ መስመር ናይ መትኒ ኮይኑ፡ ኣብ ታሕተዋይ ሸነኽ ዓንዲ ሕቝ ናብ ክልቲኡ መሓውርና ይፍለ። ብኽልቲኦን ዶሶን ኣቢሉ ናብ ታሕተዋይ ሸነኽ መሓውር ይወርድ። ንእጋርና ከም ድላዩ ከምንዘቀሳቐስ ዝሕግዝ መላኺሳዊ ሓይሊ - እዚ መትኒ ምሕኹልቲ እዩ።

**ምልክታት ቃንዛ መትኒ ምሕኹልቲ**

ቃንዛ መትኒ ምሕኹልቲ፡ ካብ ታሕተዋይ ክፋል ጎሎን ዶሶን ክሳብ ዳንጋ ቃንዛ ይፈጥር። እቲ መትኒ ኣብ ዝሓለፈሉ ዝኾነ ታሕተዋይ ክፋል ሰብነት ዘይምቹእነትን ድኻምን'ውን የስዕብ።

እቲ ቃንዛ ካብን ናብን ይፈላለ እዩ - ካብ ፈኲስ ክሳብ ምንቅስቓስ ዝኸልእ ከቢድ ቃንዛ ክኸውን ይኽእል። ዘቃጽልን ትንፋስ ዘይህብን እውን ክኸውን ይኽእል እዩ። ሓደ-ሓደ ግዜ ልክዕ ከም ናይ ኤሌክትሪክ ነውጺ። እቲ ቃንዛ ምንውናውን ተዘዚታን ዘለዎ ይኸውን። ኣብ እትስዕለሉን እትህንጥሰሉን ኣጋጣሚ፡ እቲ ቃንዛ ዚያዳ ይብእስ።

ብግቡእ ተመዓራሪኻ ነዊሕ ወይ ደው ዘይምባል፣ ከምኡ'ውን ንሓያሎ ሰዓታት ነዊሕ ወይ ደው ብምባል እቲ ቃንዛ ክውሰኽ ደርኡ፡ መብዛሕትኡ ግዜ፡ ቃንዛ መትኒ ምሕኹልቲ ኣብ ሓደ ሸነኽ ናይ ጎሎ ወይ ደሶ እዩ ዝኸሰት።




ኣብ ገለ ቃንዛ ምሕኹልቲ ዘጋጠሞም ሰባት፡ ምድንዛዝ፡ ጸላዕላዕ ምባል፡ ምልማስን ምድካምን ናይ መሓውር ደርኡ እዩ።

**መዓስ ናብ ሓኪም ንኺድ?**

እቲ ቃንዛ መትኒ ምሕኹልቲ ፈኲስ ምስ ዝኸውን ባዕሉ ኣብ ሓጺር ግዜ ክገድፈካ ይኽእል እዩ። እዚ እኹል ዕረፍቲ ምስ እትረክብ እዩ። እቲ ቃንዛ ንልዕሊ ሓደ ሰሙን ብምጽናሕ ኑብሸኻ ክትኣሊ ኣብ ዘይትኽእለሉ ደረጃ ምስ ዝበጽሓካ፡ ናብ ሓኪም ክትከይድ ይግባእካ። ብተወሳኺ፦

* ቃንዛ መትኒ ምሕኹልቲ፡ ክፍለጠካ ብዘይክእል ጠንቂ ባዕሉ ሃንደበት ምስ ዝብገስ፡

* ከቱር ቃንዛ ኣብ ጎሎን ዳንጋን ዘሰዓቦ ምድካምን ምልማስን ናይ መሓውር የስዕበልካ ምስ ዝህሉ፡

* እቲ ቃንዛ ብሰንኪ ከቢድ መጕዳእቲ ንኣብነት ብሓደጋ ተራፊክ ዝተኸሰተ ምስ ዝኸውን፡

* ቀልቀልን ሽንትን ኣብ እትወጽኣሉ እዋን ጸገማት ምስ ዝፈጥረልካ - ናብ ሓኪም ተቐላጢፍካ ክትከይድ ከም ዘለካ ኣይትዘንግዑ።

**ጠንቅታት ቃንዛ መትኒ ምሕኹልቲ**

ቃንዛ መትኒ ምሕኹልቲ፡ እቲ መትኒ ብመላግቦ ዲስክታት ዓንዲ ሕቝ ወይ ኣዕጽምቲ ምስ ዝቖርቆር እዩ ዚጋጥም። ኣብ'ቶም መላግቦታት ኣዕጽምቲ ዘይንቡር ምግዛፍ ወይ መስበርቲ ምስ ዝህሉ'ውን ኪጋጥም ይኽእል እዩ። ብውሑድ መጠን ይኹን'ምበር፡ ብሰንኪ ሕማም ሽኮር ወይ ምፍጣር ጸኸታት እቲ መትኒ ምስ ዝጭቦጦ'ውን ብቃንዛ መትኒ ምሕኹልቲ ክንሳቐ ንኽእል ኢና።

**ንቃንዛ መትኒ ምሕኹልቲ ተኣፈፍቲ መን እዮም?**

ቃንዛ መትኒ ምሕኹልቲ ንዝኾነ ሰብ ብዘይ ኣፈላላይ ጾታ ኪጋጥሞ ይኽእል እዩ። እቶም ዚያዳ ተኣፈፍቲ ግና፦

=> ዕድመ፦ ቃንዛ መትኒ ምሕኹልቲ ብዙሕ ግዜ ምስ ምውሳኽ ዕድመ እዩ ዝርአ። ዕድመ እናወሰኽና ክኸይድ እንከሎና፡ ኣብ መላግቦታት ኣዕጽምቲ ወይ ዲስክታት ዓንዲ ሕቝ ዘይንቡር ቅርጺታት ስለዝርኣ ምቝርቃር ናይ መትኒ ኪጋጥም ንቡር እዩ።

=> ምኽሳዕ፦ ልዕሊ ንቡር ግዝፊ ሰብነት ኣብ ልዕሊ'ቲ ኣብ ዲስክታት ዓንዲ ሕቝ ዝፈጥሮ ጸቕጢ፡ ንቃንዛ መትኒ ምሕኹልቲ'ውን የቃልዕ እዩ።

=> ዓይነት ስራሕ፦ ልዑል ክብደት ምልዓል ዝድልዮ ዓይነት ስራሕ፡ ዓንዲ ሕቝን መሓውርን ምትዕጻፍ ዝድልዮ ኣጋጣሚ ሽቕለት ከምኡ'ውን ንዊሕ ሰዓታት ሞተር ብኸለታ ምዝዋር ንቃንዛ መትኒ ምሕኹልቲ የቃልዕ እዩ።

=> ነዊሕ ሰዓታት ኮፍ ምባል፦ ነዊሕ ሰዓታት ተረፊዖም ዝውዕሉ ሰባት፡ ቃንዛ መትኒ ምሕኹልቲ ከጋዕብሉ ዘለዎም ተኽእሎ ሰፊሕ እዩ።

=> ሕማም ሽኮር፦ ግዳያት ሕማም ሽኮር፡ ኣብ ደሞም ዝህሉ መጠን ሽኮር - ኣብ መትንታት ጽልዋ ከም ዘለዎ እዩ መጽናዕትታት ዘመልክታ።

**ሓልከታት ቃንዛ መትኒ ምሕኹልቲ**

ብዙሓት ሰባት ብዘይ ዝኾነ ፍወሳ ካብ ቃንዛ መትኒ ምሕኹልቲ ምሉእ ብምሉእ ዝሓወዩ እውን እንተኾኑ፡ ኣብ ገለ ሰባት እቲ ጥዕናዊ ጸገም ኣብ መትኒ ከቢድ ጉድኣት ከውርድ ደርኡ እዩ።

ኣብ'ቲ ዝተተንከፈ መሓውር ዘይንቡር ስምዒት ደስመዓካ ምስ ዝህሉ፡

ኣብቲ ቃንዛ ዘለዎ መሓውር ከቢድ ድኻም ምስ ዝህልወካ፡

ቀልቀልን ሽንትን ክትወጽእ እንከለኻ ከቢድ ቃንዛ ምስ ዝፈጥረልካ ግና ተወሳኺ ሕክምና ከም ዘድልየካ ኣይትዘንግዑ።

**ኣገባብ ምክልኻል ቃንዛ መትኒ ምሕኹልቲ**

ቃንዛ መትኒ ምሕኹልቲ ኩሉ ግዜ ክትከላኸሎ ዝከኣል ኣይኮነን። እዚም ዝስዕቡ ምኽርታት ግና - ቃንዛ ዓንዲ ሕቝናን መትንታትን ንኸይሃግዕበል ንምክልኻል የኽእሉ እዮም።

\> ቀጻሊ ምውሳዋስ ኣካላት ምኽያድ - ድልዱል ዓንዲ ሕቝ ክህልወና ቀጻሊ ምውሳዋስ ኣካላት ክንገብር እዩ ዝምከር።

\> ኮፍ ኣብ እንብለሉ እዋን ብግቡእ ክንቅመጥ ይግባእ።

\> ክብደት ኣብ እተልዕለሉ እዋን፡ እቲ ክብደት ኣብ ክንዲ ኣብ ዓንዲ ሕቝ ጥራይ - ኣብ መሓውርካ ከም ዝወድቕ ምግባር።

ምንጪ፦ mayoclinic

## ሕማም ኣሜባ

ኣሜባ፡ ብጽግዕተኛ ዝመጽእ ረኽሲ እዩ። እቲ ሕማም 'ኢናታሞባ ሂስቶሊቲካ' (Entamoeba histolytica) ብዝበሃል ጽግዕተኛ ዝመጽእ ኮይኑ፡ ኣብ ስርዓተ-ምሕቃቕ መግቢ፡ ብፍሉይ ደማ ኣብ ረጉድ መዓንጣ እዩ ዝዕቆብ።

ቀልቀል ዘይምቁጽጻር፡ ዕግርግር ምባልን ቃንዛ ከስዐን ገለ ካብቲ'ቶም ምልክታት ናይ'ቲ ሕማም እዮም።

**ንኣሜባ ዝተቓልዑ መን እዮም?**

ኣሜባ ኣብ ትሮፒካዊ ዞባ ኣብ ዝርከቡ፡ ግቡእ ክንክን ሓለዋ ጽሬትን መጕሓፊ ረሳሕ ማይን ኣብ ዘይብለን ሃገራት ብዝበዝሐ ይርአ። እዚ ሕማም'ዚ ኣብ ህንዲ፡ ኣብ ገለ ክፋል ሃገራት ማእከላይን ደቡብን ኣመሪካ፡ ኣብ ሜክሲኮን ኣብ ገለ ሃገራት ኣፍሪቃን ብዝበዝሐ ይርአ።

**ኣሜባ ብኸመይ እዩ ዝስዕብ?**

'ኢናታሞባ ሂስቶሊቲካ' ብሓደ ዋህዮ ዝቖመ ጽግዕተኛ እዩ። እዚ ጽግዕተኛ እዚ፡ ኣብ መግቢ ወይ ኣብ ማይ ተዓቚቡ እዩ ዝጸንሕ። እቲ ግዳይ ነቲ መግቢ ወይ ማይ ምስ ዝወስዶ፡ ናብ ወሽጢ ኣካላቱ ይኣቱ። ቀልቀል ናይ'ቲ ግዳይ ብምትንኻፍ'ውን ብቐጥታ ካብ ሰብ ናብ ሰብ ይመሓላለፍ እዩ።

ዋህዮ 'ኢናታሞባ ሂስቶሊቲካ' ዘይንጡፍ ኮይኑ ንሓያሎ ኣዋርሕ ኣብ ከብና፡ ኣብ ቀልቀል ከምኡ'ውን ኣብ ሓመድ ክጸንሕ ይኽእል እዩ። እቲ ዋህዮ ኣብ ሓመድ፡ ድኹዒ ወይ ኣብ ማይ ኣብ ዝጸንሓሉ እዋን፡ ናይ ምብቃል ዓቕሚ ኣለዎ።

መግቢ ዝሸጡ ወይ ዘቀብሉ ሰባት ነቲ ዋህዮ ካብን ናብን ከመሓላልፍዎ ይኽእሉ እዮም።


እቲ ዋህዮ ሓንሳብ ኣብ ወሽጢ ሰብነትና እንተ ኣትዩ፡ መግቢ ኣብ ዝሕቅቐ ወሸጣዊ ክፍሊ ኣካላትና ክዕቆብ እዩ ዝጅምር። ኣብኡ ብቐሊሉ ክራብሕን ክስፋሕፍሕን ዘኽእሎ 'ትሮፎዝይት' (trophozoite) ዝተባህለ ንጡፍ ጽግዕተኛ ከምኒጩ ይጅምር። እዚ ጽግዕተኛ'ዚ ብእኹል ቁጽሪ ምስ ተራብሐ፡ ናብ ረጉድ መዓንጣ ይኣቱ። ንቀጸላታት ናይቲ ረጉድ መዓንጣ እናሉሓጸ ደሙ ኣብኡ ክልጠፍ ይጅምር።

**ምልክታት ሕማም ኣሜባ እንታይ እዮም?**

ጸብጻብት ሕክምና ከም ዘመልክትዎ፡ ካብ'ቶም ረኽሲ ኣሜባ ዘለዎም ሰባት፡ እቶም ኣስታት 10 ክሳብ 20 ጥራይ እዮም ክሓምሙ ዝረኣዩ። ኩሉ ብረኽሲ ባክተርያ 'ትሮፎዝይት' ዝተጠቕዐ ሰብ ምልክት ዘርኢ'ኳ እንተዘይኮነ፡ ደም ዝተሓወሶ ቀልቀል፡ ነድሪ ዳንዱር፡ ከምኡ'ውን መጕዳእቲ ኣብ ቲሹታት ኣካላት ገለ ካብቶም ጎሊሖም ዝረኣዩ ምልክታት ኣብቲ ግዳይ እዮም።

ረኽሲ ኣሜባ ዘጋጠሞ ሰብ፡ እቲ ምልክት ኣብ ወሽጢ ኣርባዕተ ሰሙናት ክቕልቕ ይኽእል እዩ። ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ እቲ ግዳይ ተደጋጋሚ ከውጽእ ይጅምር። ምጭባጥ ከስዐን ቃንዛን'ውን የርኢ።

ኣብ ውሑዳት ግዳያት፡ ዋህዮ 'ትሮፎዝይት' ንመናድቕ ረጉድ መዓንጣ ፈርፊሩ ናብ ሻምብቆታት ደም ብምሕዋስ፡ ናብ ዝተፈላለዩ ኣካላት ሰብነት ክሰግዝ ደርኡ እዩ። እቲ ዋህዮ ኣብ ጸላም ከብዲ፡ ልቢ፡ ሳንቡእ፡ ሓንጎልን ካልኦት ኣካላትን ብምብጻሕ ጉድኣት የውርድ እዩ።



**ኣብዚ ደረጃ'ዚ ክርኣዩ ዝኽእሉ ምልክታትን ክስዕቡ ዝኽእሉ ጉድኣትን፦**

= መጕሲ ዘለዎ ሕበጥ ኣብ ደጋዊ ክፍሊ ኣካላት፡

= ረኽሲ ወሽጣዊ ኣካላት፡

= ብቐሊሉ ብሕማም ተጠቃዒ ምዃን፡

= ሞት።

ጽግዕተኛ 'ትሮፎዝይት' ንቐጸላታት ብዘለዓለ ዝርጋሐ ምስ ዝፍርፍሮ፡ እቲ ሕማም ናብ 'ኣሜቢክ ዲሰንተሪ' (amebic dysentery) ይምዕበል። እዚ እቲ ሕማም ዝበኣሰ ኮይኑ ከም ዘሎ ዘርኢ ኮይኑ፡ ተደጋጋሚ ደም ዝተሓወሶ ውጽኣት፡ ከምኡ'ውን ከቢድ ቅርጸትን ቃንዛን ገለ ካብቲ ምልክታቱ እዩ።

**ብኸመይ ንከላኸሎ?**

ረኽሲ ኣሜባ ንምክልኻል ዝሕግዝ እቲ ዝበለጸ ኣገባብ፡ ግቡእ ክንክን ጽሬት ምኽታል እዩ። ዓይኒ ምድሪ ድሕሪ ምጥቃምናን መግቢ ቅድሚ ምምጋብናን፡ ጽሬቱ ብዝተሓለወ ማይን ሳሙናን ኣእዳውና ብእግቡእ ክንሕጽብ ይግባእ። መግቢ ክሉዓሉ እንከለና'ውን ጽሬት ናይቲ መግቢ ምክትታል ኣገዳሲ እዩ።

ረኽሲ ኣሜባ ብዝበዝሐ ናብ ዘለዎ ከባቢ ትገይሽ እንተለኻ፡ መግቢ ከተዳልውን ክትምገብን እንከለኻ - እዞም ዝስዕቡ ምኽርታት ክተስተብህለሎም ይግባእ።

=> ኣሕምልትን ፍሩታታትን ቅድሚ ምምጋብካ ብግቡእ ምሕጻብ፡

=> ባዕልኻ ብግቡእ ሓጺብካዮ ክተብቅዕ ብኻልእ ሰብ ዝተተኸለ ፍሩታ ምምጋብ ኣወግድ፡

=> ኣብ ክንዲ ኣብ ባኮ ዝዕቘረ ማይ፡ ዝተዓሸገ ማይ ክትሰቲ ይግባእ፡

=> ናይ ባኮ ወይ ናይ በዓባ ማይ ክተሰቲ እንተኾንካ ድማ፡ ቅድሚ ምስታይካ ብግቡእ ክተፍልሖ ኣለካ፡

=> ዘይመኸከ ወይ ብግቡእ ዘይፈልሐ ጻባን ውጽኢቱን ካብ ምምጋብ ተቐጠብ።

ምንጪ፦ health is wealth

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ኣስፍሃ ተኽለማርያም

ምክትል ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ
ቊ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፉኣለም የማነ
ተስፉልደት መብራህቱ
ቤተልሄም ታደሰ
ቊ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቊ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቊ.ስ.200454-07121322
ምልክታ
ቊ.ስ 125013 - ቊ.ሳ.ጶ. 1284

# ማህደር ጀጋኑ

ሽሞንዲ ዑቕባሚካኤል

## ሞት 40 ሓራምዝ ኣራት-ኪሎ ዘኸተለ ውግእ

ዶክተር ኣርኣያም ተድላ ይበሃል፣ ናይ ሕጊ ምሁር ኤርትራዊ እዩ። እዚ ሰብ'ዚ ዘቖርብ ታሪኽ ኣብ ዝተፈጸመሉ ግዜ ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ይነብር ነበረ። ዶክተር ኣርኣያም፡ ካብ ግዜ ምምሕዳር እንግሊዝ ኣብ ኤርትራ ጀሚሩ፡ ኣብ ምትርጓምን ካልእን ይሳተፍ ስለዝነበረ፡ ካብ ክሊ ህንጻታት ኣብዮተ-መንግስቲ ርሒቑ ከም ዘይፈልጥ እየም ፈለጥቲ ዝዛረቡሉ። ብምኽንያት ስራሑ ድማ - ምስ ክብ ዝበሉ ሰብ መዚ ማዕርግ ማዕረ ማዕረ ስልጣንን ጸቡቕ ሌላ ነበሮ። ኣብ ሰዳት ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ'ውን ዓበይቲ ፈተውትን ኣዕሩኽን ነበሩዎ።

ኣብ መወዳእታ 1982 መጀመርታ 1983 ኣቢሉ፡ ልዕለ ሓያል ሃገር ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካን መሓዙታን ኑቲ ልሙድ ዓመታዊ ወተሃደራዊ ዋዕላ የካይዳ ነበራ። ኣብ'ዚ መጋባእያ'ዚ ዓቢ ግምትን ቀዳምነት ዝወሃቦ ምልውዋጥ ወተሃደራዊ ተመክሮ እዩ። ኣብቲ ዓመት'ቲ ካብ መሓዙት ኣመሪካ ዝኾና ሃገራት ዕዉት ወተሃደራዊ ስርሒት ፈጺማ ተባሂላ ኣፍልጦ ዝረኸበት ሃገር፡ ሃገረ-እስራኤል ነበረት። እስራኤል፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ለይቲ ንምልእቲ ሊባኖስ ወሪራ ክትቈጻጸራ ኽኢላ ብምንባራ፡ ሓደ እስራኤላዊ ጀነራል ተመክሮኡ ከካፍል ኣብቲ መጋባእያ ቀሪቡ መደረ ከስምዕ ልዑል ትጽቢት ተገይሩሉ። ዶክተር ኣርኣያም'ውን ብመንገዲ ሓደ ኣመሪካዊ ጀነራል ዓርኩ ናይ ክብሪ ዕዱም ኮይኑ - ኣብቲ መጋባእያ ኽሳተፍ ዕድል ረኺቡ።

እቲ እስራኤላዊ ጀነራል፡ መግለጺ ክህብ ቅድሚ ምጅማሩ፡ ኣመሪካዊ መራሒ መደብ፡ መኽፈቲ ቃል ኣሰምዐ። "ናይ ሎሚ ጋሻና፡ ነቲ ኣብ ዓለምና ካብ ዝተራእዩ ወተሃደራዊ ፍጻመታት፡ ብቐዳምነት ዝጥቀስ ማስተ'ሽር ወተሃደራዊ ስርሒት ዝፈጸመ ሰራዊት እስራኤል ዝመርሐ ጀነራል እዩ" በለ።

እቲ እስራኤላዊ ጀነራል - "የቐንየለይ" ድሕሪ ምባል፡ ዘረባኡ ንምጅማር ከም'ዚ በለ፡ "ሓንቲ ክትእረም ዝደልያ ነጥቢ ኣላ፣ ኣብ ዓመት 1982 ዝተመዝገበ ዝለዓለ ወተሃደራዊ ፍጻመ እዚ ናይ እስራኤል ኣይኮነን። ሰራዊት እስራኤል ኣዝዩ ዝዓበየ ዞባዊ ሓይሊ እዩ። ከም ሊባኖስ ዝኣመሰለ ሃገራት መግዛእቲ እስራኤል ኣይኮናን። እስራኤል ንመጥቃዕቲ ከምዚአን ሃገራት ዓረብ ደው ኢላ ዝበጽሓት ሃገር እያ። ኣብ ዞባና ብወተሃደራዊ ሓይሊ ማዕረ ዘይብላ ስለዝኾነት፡ እስራኤል ኣብ ደረጃ ሊባኖስ ኣውሪድካ ትርኢ ኣይኮነትን። ንሕና፡ ንሊባኖስ ኣብ ሓጺር ግዜ ምቍጽጻርና ከም ዓቢ ፍጻመ ኣይንርእዮን ኢና። ኣብ 1982 ኣብ ዓለምና ዝተራእየ፡ ብዙሕ ዘይፍለጥ ካልእ ወተሃደራዊ ፍጻመ ኣሎ። ንሱ ድማ፡ እቲ ንናጽነት ኤርትራ ኣንጻር ሰራዊት ኢትዮጵያ ዝዋጋእ ህዝባዊ ግንባር ዝበሃል ሓይሊ እዩ።

"ህዝባዊ ግንባር፡ ናይ ዝኾነት ሃገር ደገፍ ዘይብሉ ብዓቐሚ ኣጸዋር ኩነ ብዓቐሚ ሰራዊት ኣዝዩ ቀንጣጢ እዩ። ሰራዊት መንግስቲ ኢትዮጵያ ግን ኣብ ጸለም ክፋል ኣፍሪቃ ከም ዞባዊ ሓይሊ ክውሰድ ዝኽእል ገዚፍ ዓቐሚ ኣለዎ። ሰራዊት ኢትዮጵያ፡ ቀደም ብሃገራት ምዕራብ ዝድገፍ ዝነበረ፡ ሕጂ ድማ ናይ ሕብረት ሶቭየት ዓቢ ደገፍ ዘለዎ ኣብ ከባቢኡ ዓርሞሽሽ እዩ። ብዘውጻኸ፡ ናይ ሊብያ፡ የመንን ኩባን ደገፍ ኣለዎ። እቲ፡ ህዝባዊ ግንባር ተባሂሉ ዝፍለጥ ውድብ ግን ብዘውንና ዕጥቂ በፍጹም ምስ'ዚ ዓቐሚ'ዚ ዘይመጣጠን ኣዝዩ ንኡስ እዩ።

ይኹን'ምበር፡ ነቲ ኹሉ ዓይነት ኣጽዋር ዘለዎ፡ ልዑል ወተሃደራዊ ስልጠናን ምኽርን ዝረኸበ ዓርሞሽሻዊ ሰራዊት ኢትዮጵያ በዳህዎ እዩ። ምብዳህ ጥራይ ዘይኮነ፡ ነቲ 'ወፍሪ ቀይሕ ኮኾብ' ዝተሰምየ ብመንግስቲ ኢትዮጵያ ዝተኣወጀ ወተሃደራዊ ስርሒት፡ እቲ ህዝባዊ ግንባር ኤርትራዊ ውድብ፡ ንሰለስተ ኣዋርሕ ተዋጊኡ ዝሰዓረ ሓይሊ ኮይኑ ንረኽቦ" በለ።

ኣብ'ቲ ኣኼባ ዝነበረ ክሳዕ ናይ ጀነራል መዓርግ ዝበጽሐ ተዓዘቢ መብዛሕትኡ ኣይተረድኦን። "እንታይ እዩ ብዛዕባ ኤርትራ ኢትዮጵያ ዝዛረብ ዘሎ?" እናበለ ንሓድሕዱ ክተሓታተት ጀመረ። ኤርትራዊ ዶክተር ኣርኣያም ግን ብመግለጺ ናይ'ቲ ጀነራል ስምዒቱ ክቈጻጸር ኣይከኣለን። ኢዱ ሓፍ ድሕሪ ምባል፡ "ኣነ ኤርትራዊ እየ!" (I am an Eritrean!) ክብል፡ ብሓበን ንበዓት ክስዕሮ እናደለየ ብየውታ ኣድመጸ። ዶክተር ንኣቓልቦ ኹሉ ተሳታፋይ ስለዝሰሓበ ኹኡ ብዛዕባ ኤርትራን ቃልሳን ክገልጸሉም ማይክሮፎን ኣቐበሉዎ። ዶክተር፡ ብዘይሓሰቦ መንገዲ ኣርእስቲ ጉዳይ ቃልሲ ሃገሩ ኣልዒሉ መብርሂ ክህብ ኣብቲ ዓቢ መጋባእያ ዕድል ምርካቡ፡ መለሱ ብሓገስ ክፍንጫሕ ደለየ። ኑታ ዝረኸበ ወርቃዊት ዕድል ሂቡም ከይጥዕሱ ዝፈርሐ ክመስል፡ ብታህዋኽ ትንፋሱ ወትፍ ወትፍ እናበሎ፡ ቅጥዒ ኣቀራርባኡ ብዘየገድስ ከምዚ ዝስዕብ ገይሩ ብስምዒት ክገልጽ ጀመረ፥

"ኤርትራ፡ ኣብ ገምገም ቀይሕ ባሕሪ እትርከብ ግዝኣት ጥልያን ዝነበረት ኣፍሪቃዊት ሃገር እያ። ድሕሪ ስዕረት ጥልያን ኣብ ትሕቲ ምምሕዳር እንግሊዝ ዝኣተወት፣ ድሕሪኡ ምስ ኢትዮጵያ ብፌደረሽን ዝተቛረነት፣ ባይቶኣዊ መንግስቲ ተኸሊሉ ጥንደራኣ ኣንዝልቢላ ትመሓደር ዝነበረት ሃገር እያ። ንገስ ሃይለስላሰ ብወተሃደራዊ ሓይሊ፡ ባይቶኣዊ መንግስታ ኣፍሪሱ ክጉብጣ ምስ ፈተነ ኹኡ ህዝቢ ንናጽነቱ ብዕጥቂ ብረት ይቃለስ ኣሎ ..." እናበለ ብዘተኣኻእሎ መጠን ኑታ ብዙሕ ዘይትፍለጥ ኤርትራ ሃገሩ ምስ'ቶም ተጋባእቲ ከላልያ ፈተነ። እቲ እስራኤላዊ ጀነራል'ውን ኣብቲ ባዕሉ ዘልዓሎ ኣርእስቲ መብርሂ ዝህብ ኤርትራዊ ምርካቡ ባህ በሎ።

ሰራዊት ህዝባዊ ግንባር፡ ድሕሪ ፍሽለት ሻዱሻይን ሻብዓይን ወራራት ናይ ስርዓት ደርግ፡ ካብ መድረኽ ምክልኻል ናብ ጃላነት፣ ኣርባዕተ ዓመታት ኣብ መድረኽ ጃላነት ድሕሪ ምጽናሕ ድማ፡ ኣብ መጋቢት 1988 ናብ መድረኽ መጥቃዕቲ ተሰጋገረ። ዶክተር ኣርኣያም፡ ምስ ውድብ ህዝባዊ ግንባር ጥቡቕ ርክብ ስለዝነበሮ ንምዕባለታት ሜዳ ብቐረባ ይከታተሎ ነበረ።

ብፍላይ እቲ ውድብ ካብ መድረኽ ጃላነት ወጺኡ ናብ መድረኽ መጥቃዕቲ ኣብ ዝተሰጋገረሉ ቀዳሞት ዓመታት ንደሓር፡ ወተሃደራውን ዲፕሎማስያውን ሜዳ ፍጥነት ወሲኹ መዛረቢ ማዕከናት ዜና ዓለም ክኸውን ስለ ዝጀመረ፡ ዶክተር ዝያዳ ተምሳጥ ሓደሮ። ሓደ መዓልቲ ካብ ዕለታት ናይ ዓመተ 1989፡ ኣብታ ዝነበረላ ሃገር ኣመሪካ፡ ናብ ሓንቲ ሻተርያ ኣላጊሱ ኣተወ'ሞ፡ ኣብኡ ሓደ ሓበሻ ረኸበ። ዝፈልጦ ኰይኑ ስለ ዝተሰምዖ ድማ፡ "ኤርትራዊ ወይ ኢትዮጵያዊ ክትከውን ኣሎኩ፡ ሓቀይ?" ክብል ዶክተር ነቲ ሰብ ሓተቶ።

እቲ ሓበሻይ ድማ፡ "ኢይተጋገኻን፡ ኢትዮጵያዊ እየ።"

"ኣነ ኸኣ ኤርትራዊ'የ፡ ኣብ ገለ ዝፈልጠካ ኩይኑ ተሰሚዑኒ?"

"ምናልባት ኣብ ኤርትራ ርኢኻኒ ትኸውን ኢኻ፣ ሓደ ካብ ጀነራላት

ኢትዮጵያ እየ።"

ዶክተር ኣርኣያም ንዘረባ'ቲ ጀነራል ቀብ ኣቢሉ'ሞ፡ ካብ ድቃሱ ብሰንባደ ዝተበራበረ ክመስል፡ ተኪኡ ነቲ ጀነራል እናጠመተ፡ "ኣሃ! ካብ'ዞም ንመንግስቲ ሃይለማርያም ክዓልዉ ዝፈተኑ ክትከውን ኣሎካ?"

እቲ ጀነራል፡ "ልክዕ ኣለኻ፡ ሜጀር ጀነራል ቁምላቸው ደጀኔ እበሃል" መለሰ ህድእ ኢሉ።

ዶክተር፡ ብዙሕ ነገራት ክሓትቶ ደለየ፣ ግን ንኽብረ'ቲ ጀነራል ዓቢ ገበረ። ንውሱን ካልኢታት ናብቲ ጀነራል ቀው ኢሉ ጠመተ። ኣብታ ሓጺርን ጸቢብን ህሞት፡ ካብ ኣፍ-ሓርጓጽ ዝወጸአ ፍጡር ይዕዘብ ብምንባሩ ተማሲጦ ነይሩዎ።

ምኽንያቱ እቲ ኣብ መፋርቕ ግንቦት 1989 ዝተፈተነ ዕልዋ ድሕሪ ምፍሻሉ፡ 29 ምኩራት መራሕቲ ውግእ ዝነበሩ ጀነራላት ዝርከቡዎም ኣሰታት 40 መኮንናት እዮም ተረሺኖም። እዚ ተግባር'ዚ ኹሉ ኢትዮጵያዊ ዝዘከሮ መሪር ፍጻመ እዩ።

ዶክተር ኣርኣያም፡ ነቲ ኹነታት ይከታተሎ ስለ ዝነበረ፡ እቲ ዘዕልሎ ዝነበረ ሰብ ሜጀር ጀነራል ቁምላቸው ደጀኔ፡ ኣብ መላእ ኤርትራን ሰሜን ኢትዮጵያን ናይ ዝነበረ ካልኣይ ኣብዮታዊ ሰራዊት ናይ ዝበሃል ኣቃውማ ሰራዊት ምክትል ኣዛዚ ነበር ከም ዝኾነ መረጋገጺ ኣይደለየሉን። ምኽንያቱ፡ ፈተነ ዕልዋ መንግስቲ ካብ ዘየደዱ ጀነራላት ስርዓት ደርግ፡ እቲ ንእሰሮ ኣምሊጡ ናብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ዝኣተወ እንኮ ሰብ፡ ሜጀር ጀነራል ቁምላቸው ደጀኔ ጥራይ ምንባሩ፡ ኣብ ማዕከናት ዜና ተቓሊሑ ነይሩ እዩ።

"እንታይ ድኣ ንበር ነይርኩም ኣብ ሕጂ በጺሕኩም ዕልዋ ፈቲንኩምሉ?" ክብል ዶክተር ነቲ ጀነራል ሓንቲ ሕቶ ወስ ኣበለሉ።

"ካብ ነዊሕ ክንሓስቦ ዝጸናሕና መደብ እዩ ነይሩ። ብዝተፈላለየ ምኽንያት ግን ክናዋሕ ጸኒሑ። ሕጂ ግድን ክንገብሮ ዝደረኸ ኩነታት ተፈጢሩ።"

ዶክተር፡ ዝተፈላለየ መዝኑት ምስ ዘለዎም ጸዓዱ ይኹኑ ሓበሻ ናይ ምዕላል ልምዲ ነይሩዎ ጥራይ ዘይኮኑ፡ ምስ ዝኾነ ሰብ ተራኺቡ ሓበራዊ ርክብ ንኽፈጥር ግዜ ዘይወስድ መሳጢ ተወሃሃቢ ዝነበሮ ሰብኣይ እዩ። ኢጋወሎ ናይቲ ጀነራል ብምርኣይ ከኣ፡ ኣዒንቱ ክሓትቶ ተተባቢዑ እሞ "ከመይ ዝበለ ኩነታት ደዩ ኢጋጢሙ?" በሎ።

"እንሲ ኣብ ዝተባህለ ቦታ፡ ምብራቓዊ ሸነኽ ግንባር ከረን፡ ኣንጻር ሻዕብያ ኣብ ዝተኸፍተ ውግእ ኣብ ታሪኽና ገጢሙና ዘይፈልጥ ክሳራ'ዩ ወሪዱና። ኣብ'ተን ሓያላት ክፍላተ-ሰራዊትና (ክፍለጦራት) ዓቢ ዕንወት ምስ ኣጋጠመ፡ 'ከም'ዚ ኢልካ ክሳዕ መዓስ ክኽየድ'ዩ? ዝበል ሕቶ ኣብ'ቶም ዝነበርና ጀነራላት ን/ል መንግስቱ ናይ ምእላዩ ንዘነበርና መደብ ከቀላጥፍ ደረኸ ፈጢሩ። እታ ትውሰድ ስጉምቲ ካብ'ዛ መንግስቱ ናብ ምብራቕ ጀርመን ዝሸላ ኢጋጣሚ ክትሓልፍ ከምዝይብላ ተሰማማዕና።"

እዚ መሪር ውግእ ዝተኻየደሉ "እንሲ" ተባሂሉ ዝተጠቕሰ ከበባታት ንዶክተር ኣርኣያም ጋሻ መሬት ኣይነበረን። ኑታታት ከረን፡ እንግሊዛውያን ኣብ ካልኣይ ኲናት ዓለም ኣንጻር ሰራዊት ናይታ ኣባል ሓይልታት ኣክሰስ ዝነበረት ጥልያን መሪር ውግእ ዝተየደሉ ቦታ እዩ። ስለ'ዚ፡ ሰሜናውን ምብራቓውን ሰንሰለት ኣኽራናት ከረን ከም ፈልሚ ብኣዒንቱ ክመሓላለፉ ተራእዩዎ። ምስቲ ጀነራል ኣዕሊሉም ድሕሪ ምፍልላዮም ከኣ፡ ዶክተር ቀጥታ ናብ ቤት-ጽሕፈት ህዝባዊ ግንባር ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ኣምርሐ። ናብ ሜዳ ክኣቱ ሓቲቱ ፍቓድ ምስ ረኸበ ድማ ንሳሕል ኣቕንዐ።

ዶክተር ናብ ሳሕል ምስ ኣተወ፡ ምስ ዋና ጸሓፊ ህዝባዊ ግንባር ተጋዳላይ ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ተራኺቡ። ተጋዳላይ ኢሳይያስ፡ "ሕጂ ኣበይ ኢኻ ክትበጽሕ ትደሊ?" ኢሉ ሓተቶ።

ዶክተር ናብ እንሲ ክበጽሕ ምርጫኡ ምኽንያቱ ገለጸሉ።

"እንሲ ደኣ እንታይ ኣሎ?"

"ዛንታ እንሲ ኣብ ዋሽንግቶን ዲሲ በጺሓ ኣላ። ብድምጺ ሓፋሽ ጥራይ ዘይኮነ እንተላይ ብመንገዲ ወተሃደራት ኢትዮጵያ። ስለ'ዚ ናብ እንሲ እየ ክበጽሕ ዝደሊ።"

ዋና ጸሓፊ ህዝባዊ ግንባር፡ መኪና ሂቡ ናብ ግንባር ከረን ናብ ተጋዳላይ እዮብ ፍስሃየ (ሓሊባይ) መራሒ ክፍለሰራዊት 52 ኣፋነዎ።

ዶክተር ኣርኣያም፡ ኢትጥሓል ናብ ዝተባህለ ቤት-ጽሕፈት ክፍለሰራዊት 52 ዝርከበሉ ሰንሒጥ በጽሐ። ሰንሒጥ ኢትጥሓል፡ ተራ ንእሽቶ ሰንሒጥ ኣይኮነትን። ካብ ማይ ክያ ታባታት ወግሬታይ (ሮራ መንሳዕ) ጀሚሩ፡ እንሲን ዓንቀብኛን ዝፈስሱ ውሓዝቲ ጠራኒፉ - ናብ ታሕታይ ቀልሃመት ዝጸንሕር ሩባ እዩ። ምስ ሩባ ሀዳሞ ድሕሪ ምጽንባሩ ድማ፡ ኣብ ምብራቕ ኣፍዓበት ሩባ ዒንን ላበካን ተባሂሉም ብዝጽውዑ ሩባታት ሓሊፉ ናብ ቀይሕ ባሕሪ ይፈስስ።

ይቕጽል



### ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ድራማ |
| 12:30 | ዜና ትግርኛ |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ካብ ዞባታት |
| 13:30 | ዜና ዓረብ |
| 13:45 | ሄሎ ደባይዋ ቀጥታ |
| 15:30 | ደኩመንታሪ |
| 16:20 | ሞዛይክ 1ይ |
| 17:00 | ዜና ትግርኛ |
| 17:15 | ድራማ |
| 17:30 | ዜና ዓረብ |
| 17:45 | ሞዛይክ 2ይ |
| 19:25 | እትመት |
| 20:00 | ዜና ትግረ |
| 20:15 | ቴራብ |
| 21:00 | ዜና ትግርኛ |
| 21:25 | ተኸታታሊት ፊልም ዋልታ ሓርማዝ |
| 22:00 | ዜና ዓረብ |
| 22:15 | ኢድኣት |
| 22:30 | ዜና እንግሊዝ |
| 22:40 | እንዳ ዝማም |

# ሕብራዊት ብርዒ

ሃብተሚካኤል ዕቑባስላሴ

## ምንባብ ታሪኽ ህይወት ብሉጻት ሰባት

መብዛሕትኡ ሰብ ዝያዳ ክንብብ ይብህግ እዩ፡ ምንባብ ግን ብዙሕ ሰብ ዝንብሮ ነገር ኣይኮነን፡ እንተኾነ ንባብ ሓደ ካብ'ቶም ዓበይቲ ደራኺ ለውጢ ኣብ ህይወት ደቂ ሰብ እዩ፡ ንጽቡቕ




ይኹን ንሕማቕ ዘንብብናዮ መጽሓፍ ብጠለ ደረጃ ክይቀየረና ስለ ዘይተርፍ፡ ኣብ ኣመራርጻ እነንብቦም መጻሕፍቲ ጥንቁቓት ምዃን ኣገዳሲ'ዩ፡ ኣብ ህይወትና እወታዊ ለውጢ ኣብ ምምጻእ ዓቢ እጃም ክህልዎም ካብ ዝኽእሉ ክፉል ንባብ ከኣ ብዛዕባ ሓቀኛ ታሪኽ ህይወት ደቂሰብ ዘዘንትዉ ክጥቀሱ ይኽእሉ። ሓቀኛ ዛንታታት ውልቀ ሰባት ምንባብ ካብ ዘለዎ ብልጫታት፡ ኣጠማምታና ኣብ ዓለም ክሳብ ክንደይ ዝተደረተ ምዃኑ ክርእዩና ዝኽእል ምዃኑ እዩ፡ ዝርዝራዊ ሓበሬታ ብዛዕባ ከማና ሰባት ኣብ ህይወቶም ዝወሰድዎ ምርጫታትን ዘሕለፍዎ መሰገደልን ኣብ ሃንበበሉ እዋን፡ ኣብ ዘርያና ዘለዉ ዕድላት ክስተብሃልን ብኸመይ ናብ ረብሓና ቀይርና ዕዉታት ክንከውን ከም ንኽእልን ይበርሃልና።

ብሓጺሩ ዓወት ኣብ ህዋ ዘሎ ሓሳብ ዘይኮነ፡ ሓደ ተጨባጢ ነገር ከም ዝኾነ ክንርድእ የኽእለና። ኣብዚ ዘለናዮ እዋን፡ ብዙሐ ሓበሬታ ካብ'ቶም ዓበይቲ ብደሆታት ደቂሰብ ኩይኑ ኣሎ። ብሰንኪ ምብዛሕ ማሕበራዊ ሚድያ፡ መንእሰያት ኣብ ፈንጠዝያዊ ዓለም ክነብሩ ይግደዱ ኣለዉ።ካብ'ክውንነት ዓለም'ውን ፈልዮም ይርከቡ፡ ኣገዳስነት ታሪኽ ህይወት ሰባት ምንባብ እምበኣር፡ ብፍላይ ኣብዚ ግዜ ዕዙዝ እዩ። ታሪኻዊ ፍጻመታት ንህይወት ደቂ- ሰብ ብኸመይ ከም ዝጸለዉን ዝቐርጸ ዕድላትን ብደሆታትን ብምርኣይ፡ ኣብ ግዜና ንዘለዉ ተኽእሎታት ክበርሃልና ይኽእል። ልዕሊ ኹሉ ግና ብዘለና ጸገማት ተሰፉ ከይንቖርጽን ድሕሪት እንተሎ ከኣ ዘይከኣል ነገር ከም ዘየለን እዩ፡ ብደሆታት ምግጣም ኣካል መስርሕ ህይወት እዩ። ታሪኽ ህይወት ብሉጻት ሰባት ምንባብ፡ ጸገማትና ብመንጽር ጸገማት ካልኦት ክንርእዮም፡ ብሰንኩ ድማ ካብ ድኻይና ክንተርፍ ከም ዘይግባእ ክንርድእ ንኽእል። ታሪኽ ህይወት ደቂሰብ፡ ደረት ኣተሓሳስባና ብምስፋሕ ዘለዉና ዕንቅፋታት ዝሰገሩ ምዃናም ስለዘርኢ፡ ንቐጻሊ ዓወት ዘለንፍት'ዩ። ምሉእን ኣዕጋብን ህይወት ንኸህልወና ቅኑዓት ምርጫታት ንምውሳድ ደርኺት'ውን ይፈጥር።

## ምብራኽ መሃዝነት

መሃዝነት ክእሎ ሓድሽ ሓሳባት ምፍጣር፡ ንነገራት ብሓድሽ ኣመለኻኽታ ምዕዛብ ማለት'ዩ። ንነገራት ምስ ተዛሚዱ ዘይፈለጥ ከተዛምድ ምኽኣል'ውን መሃዝነት'ዩ። ኣርተር ማስተር ዝተባህለ ጸሓፊ፡ ንመሃዝነት "ክልተ ዝተፈላለዩ ሓቅታት ኣጣሚርካ ሓደ ሓሳብ ምፍጣር'ዩ" ብምባል ይገልጾ። ሰባት፡ እዚ ዝበልናዮ ዘነገፍና ንኹሉ ነገር ከም ወሀብ ብምውሳድ፡ ተባላሕትን መሃዝትን ኣጥፊእና ክንከይድ ዝድርኹና ነገራት ግና እንታይ እዮም? እቲ ዝዓበየ ጠንቂ ዘይምሃዝነት፡ ብውሱንን ዘይቅየርን ሓሳባት ንኣእምሮና ኣብ ማሕፎር ምእታው (concept prison) ምዃኑ ክኢላታት ይሰማምዑ። ብዙሓት ሰባት ንነገራት ብዮሓዶ ተዓዚቦም ጥራይ ከቢድ ወይ ረብሓ የብሉን ብምባል ንዘጠሳዎም ሓሳባት የዳቕስዎ፡ ምስ ዓቕሞም እናሃለዉ ከኣ ኣብ ህይወት ብሓደ መንገዲ ጥራይ ይጎዓዙ።

ኣእምሮኻ መቑሕኻ ንቐለል ግድል ፍታሕ ምስኣን ምስ ምብኻን ባህርያዊ ጸጋዩ ዝጹብጹብ፡ እቲ ኣገዳሲ ዓወት እንተኾይኑ ምጭናቕ ዘይኮነ ምእራም'ዩ ፈውሱ። መሓዚን ተባላሓትን ንምዃን ኣብ ኣእምሮና ዘለዉ ዓበልቲ ግን ከኣ ኣዕዋቲ ሓሳባት ክንብትኖም ይግባኣና። ስለዚ ብኸፉት ኣእምሮ ናይ ኣተሓሳስባ ናጽነት ብምትእትታው ፍሉያት ጥራይ ዘይኮኑ ብሉጻት ሓሳባት ነፈልፍል።



## ገዛእ ርእስኻ ክትቅይር ዘኽእል - ነጥብታት መርሓ-ህይወት

- ገዛእ ርእስኻ ምቕባል– ንገዛእ ርእስኻ ክትቅበል ኣሎካ፡ ተፈጥሮ ዝሃበካ ተቐቢልካ ብሓያል ጻዕሪ ንዕብየት መርሽ።
- ዕላማ ይሃልኻ– ናይ ህይወትካ ዕላማ ይሃልኻ፡ ምኽንያቱ ኩልና ዝመጻናሉ ዕላማ ኣሎና። ብዕላማ ኢና ተፈጢርና። ተወሀቦና ደሊና ንምርካብ ዓወታት ክንነግጽፍ ዕላማናን ተወህቦናን ኣሊና ምኻድ ዘዐውት እዩ።
- ምስ ገዛእ ርእስኻ ተወዳደር– ንኻልኦት ሰባት ንምምሳል ኣይትጽዓር። ኣብ ውሽጥኻ ዘሎ ሓይሊ፡ ኣበራብሮ፡ ኣውጽእዩ፡ ተጠቐመሉ።
- እወታዊ ኣተሓሳስባ ኣዘውትር– ቀቅሎ ሕሰቡ፡ እወታዊ ኣመለኻኽታ ዘለዎ ሰብ ንሓንቲ ጸገሪዳ ኣብ ዕምባባ ከተርኣ እንከሎ፡ ኣሉታዊ ኣመለኻኽታ ዘለዎ ሰብ ግን ኣብ እሾኽ እቲ ጸገሪዳ የተኩር። ቅኑዕ ኣተሓሳስባ ዘለዎ ሰብ ጽቡቕ ስምዒታት ይህልዎ። ጽቡቕ እናተሰመየ ዝነብር ሰብ ከኣ ፍቱው ባህርያት ይህልዎ። ከም ወጽኢት ኣተሓሳስባኡ ከኣ ሕጉስ ህይወት ይመርሕ።
- ንኽትምሃር ንኽትፈልጥ ፍቓደኛ ኩን– ንኽተንብብ ንኽትምሃር ንኽትመራመር ፍቓደኛ ኩን። ኩሉ ግዜ ልዑል ድሌት ይሃልኻ፡ ፍልጠት ንምቕሳም ህንጥዩት ይሃልኻ፡ ንኽትፈልጥ ኩሉ ግዜ ሓታቲ ኩን። ትምህርቲ፡ ዕድመኻ ምሉእ ዝቕጽል



መስርሕ ምዃኑ ኣይትረስዕ።
- ብጥበብ ተመላለስ– ጥበብ፡ ኑቲ ዘሎካ ፍልጠት ኣብ ባይታ ተዓጽጺፍካ ክትሰርሓሉ ከለኻ እዩ። ኣብ ጥበብ ተመላለስ፡ ናትካ ፈጠራዊ ዓቕሚ እናተጠቐምካ ክትሰርሓሉ ኣብ ባይታ ወጽኢት ኣምጽእ።
- ቀምታ ኣወግድ– ንኻልኦት ሰባት ከይተቐይሞም ልዙብ ቃላት ተጠቐም።
- ኣመስጋኒ ኩን– ናይ ምስጋና ህይወት ይሃልኻ፡ ኣመስጋኒ ኩን፡ ዝሃለካ ህይወት ኩሉ ግዜ ኣመስግን። እቲ ቃል ሓይሊ፡ ኣብ ኣእምሮን መንፈስን ምስ ተወሃሃደ፡ ጥዑይ ስምዒት ናይ ምፍጣር ተኽእሎ ኣለዎ።
- ንኹሉ ነገር ግዜ ወቕቲ ምሕላው– ግዜ ምንባብ፡ ምስ ግዜን ኩነታትን ምጉዓዝ፡ ንታ ዘላትካ ህሞት ብዝሓሸ ተጠቐመላ።
- ክትልወጦ/ ክትቕይሮ ዝይትኽእል ነገር ተቐበሎ።
- ኣብ ዘይምልከተካ ነገር (ጉዳይ) ጣልቃ ኣይትእቶ።
- ይቕረታ ምቕባል– ንሰብት ሕድገት ወይ ይቕረ ምባል ንገዛእ ርእስኻ ጥዕና ዝሀብ እዩ፡ ሕነ ንምፍዳይ ዘይምህንዳድ፡ ቂምታ ዘይምሓዝ፡ እቲ እተበደልካዮ ቅኑዕ ወይ ምኽኑይ ከም ዝነበረ እመን ማለት ኣይኮነን። እቲ ዘድሊ ሕነን ክትብል ተህልኾ ጸዓት ደው ከተብሎን ከምኡ ምግባር ዘለዎ ሓላዮ ክትርድኦን እዩ።
- ኣብ እዋን መከራ ጽኑዕ ኩን– ህይወትና ብጠዚሒ ግድላት ዝተመልአት እያ፡ ንጸገማትና ናብ ረብሓና ንለውጦ።
- ሓጎስካን ደስታኻን ዕረፍትኻን ብዓቢኡ ኣስተማቕሮ።
- ኣብ ኩሉ ጉዕዞኻ ትሑት ኩን፡ ዝተሓተ እዩ ዝልዕል።
- ንሰባት ኣይተነኣእሶ፡ ኣትሒትካ እውን ኣይትርኣዮ፡ ክብረት ሰብ ይሃልኻ።
- ንህይወትካ ብደስፕሊን ምርሓያ– ዕዉታት ሰባት ልዑል ደስፕሊን እዮም ዘውንኑ።
- ንውሽጥኻ ስምዖ– ኣብ ጸምው ዝበለ ቦታ ብምኻድ ካብ 10-15 ደቒቕ ኮፍ ኢልካ ንውሽጥኻ ኣዳምጾ። ቅኑዕ ውሳኔ ክትውስን መታን ክሕግዘካ።
- ኣደናቖት ሃብ– ንሰባት ግዜ ሬሊኻ ኣደናቖት ሃቦም። ንሓደ ሰብ ኣደናቖትካ ክትገልጸሉ እንከለኻ፡ ካብቲ ሰብ ሓሊፉ ንገዛእ ርእስኻ'ውን ኣብ እወታዊ ጉድኒ ስለ እተተኩር፡ ጠባይካን መዓልታዊ ኣረኣእያኻን ይቕይረካ እዩ።

**መምህር - ክስተ ምስገና**

## ሓቅታት ዓኼሎት

ዓኼላይ - መዓልታዊ ንጥፈታት ህይወቱ ብጺጋማይ ኢዱ ዘሰላስል ሰብ ብየማናይ ኢዱ ካብ ዝዩጹ ሰብ ዝሓየለ ምዃኑ ይግለጽ። መጽናዕትታት ከም ዘመልክትዎ፡ ዓኼላይ ምዃን ብዝያዳ ኣብ ደቂ-ተባዕትዮ እዩ ዝርኣ። ዓኼላይ ምዃን ተወርሶኣዊ ብኸፊል ከኣ ኣከባብያዊ ጽልዋ ከም ዘለዎ ይፍለጥ። ብዛዕባ ዓኼሎት ገለ ሰናፍልጡታዊ ሓቅታት፦

- ብዓኼላይ ኢድ ምብላዕ እቲ ዝበለጸ ውህደት ኣብ መንጎ ኢድን ኣፍን ናይ ዓኼሎት ምዃኑ ይፍለጥ።
- ዝበዝሑ ዓኼሎት ካብ መዛኑኦም ዝጸፈፈ ጽባቐ ጽሕፈት ዘለዎም እዮም። መጽናዕትታት ከም ዘመልክትዎ፡ ዓበይቲ ዓወታት ዝተጎናጸፉ ዓኼሎት ብዙሓት እዮም። እቲ ምኽንያት ድማ፡ ሓንጎሎም፡ ክእሊታቶም ንምስፋሕ ዘኽእል ኣቃውማ ስለዘለዎ እዩ። እዚ ከኣ ብጺንን ኣብ ሓንጎል ብዙሎ ናይ 'ቋንቋ ማእከልን' ዝድረኽ ባህሪ'ዩ። ኣብ ቀጽሪ ስፖርትን ስፖርትን ካብ ዝተረኽቡ ስነጥበባዊ ብዙሓት ዓኼሎት ምዃናም ክዘንጋዕ ዘይብሉ ነጥቢ'ዩ።



- ዓኼላይ ምዃን ባህላዊ ተጽዕኖ ስለዘለዎ ስድራቤታት ውሉደን የማናይ ኢዶም ክጥቀሙ እየን ዝደርኻ። ዝሕይል ዘሎ ሕብረተሰባዊ ንቕሓት ግና እዚ ኣመለኻኽታ ኣብ ምልዋጥ ኣብርክቶኡ ቀሊል ኣይኮነን።
- ንዓኼላይ ብየማናይ ኢዱ ክጽሕፍ ምግዳድ ድማ ኣእምሮኣዊ ነውጺ ዝፈጥርን ምስኡ ዝተሓሓዘ ሕማም ዘስዕብን'ዩ።
- ዓኼሎት ክንሶም ኣብ ዝጥዕሉ ዓውዲ ብዘመዝገብዎ ዓወት ህቡብነት ካብ ዝጠረዩ ሰባት እዞም ዝስዕቡ ምጥቃስ ይከኣል፡ ቀብኣቲ - ሚካኤል ኣንጀሎ፡ ሊዮናርዶ ዳ ቪንቺ፡ ተዋሳኣቲ - ቻርለስ ቻፕሊን፡ ቶም ክሩዝን ካልኦትን።

### ጥቕሲታት ሕብራዊት ብርዒ

- "ተስፋ ምህላው ናብ ዓወት ዝመርሕ እምነት እዩ፡ ብዘይ ተስፋን ምትእምማንን ዝግበር ነገር የለን።" - **ሄለን ኬለር**
- "ጥዕና እቲ ዝዓበየ ስምዒት እዩ፡ ዕግበት ከኣ ዝዓበየ ሃብቲ እዩ፡ ርእሰ ተኣማንነት ድማ እቲ ዝዓበየ ዓርኪ እዩ።" - **ላኦ ጹ**
- "ሽቕታ፡ ዓበይቲ ነገራት ብሓባር ዝፈጥሩሉ ባእታ እዩ።" - **ቶማስ ካርላይል**
- "ኣብ ዘይምውሳን ህሞት፡ ነገራት ትርጉም ብዘለዎ ምኽንያት ክተኑ ይኽእሉ እዮም።" - **ጆን ኣሽበሪ**
- "ጥዕናን ልቦናን እቶም ዝዓበዩ ክልተ ምርቓ ህይወት እዮም።" - **መናንደር**
- "እታ እኸኮ ብሓቂ ዝኣምኖ ፍቕሪ፡ ሓንቲ ኣደ ንደቃ ዘለዋ ፍቕሪ ጥራይ እያ።" - **ካርል ላገርፈልድ**

ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሰምራዊት መለስ

AZEL PHARMACEUTICAL Sh. Co.


## ንኻልኣይ ግዜ ዝወጽአ ምልክታ ጨረታ ናይ ጸረ ባልዕ

ኣብ ከረን መጋርሕ ዝርከብ ፋብሪካና፡ ብዞርያ እቲ ህንጻ ካብ ወርሒ ሚያዝያ - 2024 ክሳብ መጋቢት - 2025 ጸረ ባልዕ (Pesticide) መድሃኒት ክቕርቡን ኣብቲ ዝተጠቕሰ ቦታ ድማ ወርሓዊ (Periodic) ምንጻግ ክገብሩን ዝኽእሉ ተጫረትቲ ኣወዳዲሩ ክቖጽር ስለ ዝደለየ፣ ሕጋዊ ፍቓድ ንግዲ ዘለዎም ትካላት ንጨረታ ይዕድም።

### ተጫረትቲ ክማልእዎ ዝግብኦም ቅጥዕታት

1. ተጫረትቲ ሕጋዊ ፍቓድ ንግዲ ዘለዎም ኮይኖም ናይ 2019 ፍቓድ ንግዲ ዘሐደሱን ግብሪ መንግስቲ ናይ 2022 ከም ዝኸፈሉን ብሰነድ ከረጋግጹ ኣለዎም።
2. ተጫረትቲ ዘቕርብዎም ሰነዳት መበቆላዊ (original)ን ቅዳሓትን ኮይኖም፡ ኩሎም ሰነዳት ምስ ቀረቡ መበቆላዊ ሰነዳት ተመላሲ ይኾኑ። ቅዳሕ ድማ ኣብ ትካልና ይተርፍ።
3. ተጫራቲ ወኪል ምስ ዝኸውን ናይ ቤት ፍርዲ ሕጋዊ ውክልናን ቅዳሕ ሃገራዊ መንነትን የቕርብ።
4. ተጫራታይ ኩሉ ብቕዓቱ ብሰነዳት የረጋግጽ። ንኣብነት (ኣብ ግዜ ናይ ምቕራብ ብቕዓት፡ ፋይናንስዊ ብቕዓት ሕሉፍ ተመኩሮ ኣገደስቲ መምዘኒታት ስለዝኾኑ ብሰነዳት ኣሰንዩ ምቕራብዎም ኣገዳሲ ይኸውን።
5. ተጫረትቲ ዘይምለስ 50.00 ናቕፋ(ሓምሳ ናቕፋ) ብምኽፋል፡ ምልክታ ጨረታ ካብ ዝወጽኣሉ ጀሚሮም ሰነድ ጨረታ ካብ ቤት ጽሕፈት ኣስመራ ኣዘል ትካል መፍረ መድሃኒት ክወስዱ ይኽእሉ።
6. ተጫረትቲ ኣብ ጨረታ ንምስታፍ 1,000.00 ናቕፋ (ሓደ ሽሕ ናቕፋ) ትሕጃ ጨረታ (Bid security) ብጥረ ገንዘብ ወይ'ውን ብCPO የትሕዙ። ኣብ ጨረታ ምስ ዘይዕወቱ ተመላሲ ይኸውን።
7. ተጫራታይ ኣብዚ ጨረታ'ዚ ዕዉት ምስ ዝኸውን 10,000.00 ናቕፋ (ዓሰርተ ሽሕ ናቕፋ) መተግበሪ ጨረታ (performance guaranty) ብCPO ኣስመራ ኣብ ዝርከብ ሕሳብ ትካል መፍረ መድሃኒት ትሕጃ የትሕዝ።
8. ተጫረትቲ ወይ ሕጋውያን ወኪላት ተጫረትቲ ናይ ጨረታ ሰነዳቶም (offers) ብመሰረት ተዳልዩ ዘሎ ናይ ጨረታ ሰነድ መሊኦም ምልክታ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ 10 ተኸታተልቲ ናይ ስራሕ መዓልታት ኣስመራ ኣብ ዝርከብ ቤት ጽሕፈትና ጨረታኦም ብማሕተም ኣሰንዮም ብዝተዓሸገ ፖስታ የቕርቡ።
9. ጨረታ፡ ምልክታ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ድሕሪ 10 ናይ ስራሕ መዓልቲ፡ ኣስመራ ኣብ ዝርከብ ቤት ጽሕፈት ኣዘል ትካል መፍረ መድሃኒት፡ ልክዕ ሰዓት 9:00 ቅድሚ ቀትሪ ይኸፈት። ዝኾነ ለውጢ ናይ ጊዜ ምስ ዝግበር ድማ ቅድሚ ጨረታ ምኽፋቱ፡ ኣዘል ንተጫረትቲ ብጽሑፍ/ወይ'ውን ብተሌፎን ይሕብር።
10. ዝኾነ ተጫራታይ ተወሳኺ መብርሂ ሓበሬታን ምስ ዝደሊ፡ ጨረታ ቅድሚ ምኽፋቱ ዘሎ ጊዜ ኣብ ቤት ጽሕፈት ኣዘል ትካል መፍረ መድሃኒት ኣስመራ ኣብ ታሕቲ ኣብ ዘሎ ኣድራሻ ተጠቂምካ ምውካስ ይከኣል።
11. ኣዘል ትካል መፍረ መድሃኒት፡ ጨረታ ብኸፊል ወይ'ውን ብምሉእ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ኣድራሻ፡
ኣዘል ትካል መፍረ መድሃኒት ከረን
P.O.Box 89
Tel. + 291 1 401994/400234
ኣስመራ ቤት ጽሕፈት ኣዘል
P.O.Box 6799
Tel + 291 1 120028 – 120029 - 113493



### ምስጋና

ብፃምኽንያት ሃንደበታዊ ዕረፍቲ ክቡር ወላዲያይ ኣቶ ሓየሎም ኪዳነ ቀሊታ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ መካነ መቓብር ቤት ገርግሽ ዚቃበርኩምናን ብኣካልን ብቴሌፎንን ዘጸናናዕኩምናን ኩሉኹም ልዑል ምስጋና ይብጻሕኩም የቐንጀልና እናበልና ሓዘንና ንዓጽዕ።

ወዶም ተከኤ ሓየሎም ኪዳነ
ምስ ምሉኣት ስድራቤት

### ምልክታ ጨረታ

ውዑል ጽገናን ኣገልግሎታትን (ፕሪንተራትን ፎቶ ኮፕየራትን ውሽጣዊ መስመር ቴሌፎን ቸንትራል (PBX) Simens፡ ኣብ ሕክምና ኢናኢል ዝርከብ እሳንሰዩር (lift) ዝተፈላለየ ዓይነት ጀነረተራት፡ ምሕጻብ መካይን (ላባጆ) ፍርጃታትን ኣየር ኮንዲሽነራትን፡ ሓጸቢት ክዳውንቲ ማሽን፡ ጽገና ኮምፕዩተራትን መቀያየሪኡን፡ ጽገና ዝተፈላለየ ራድያተረታት፡ ጽገና ሞተሪኖታትን ዲናሞ ናይ ማይን)

ዓዳጊ፡ ሓይሊ ኣየር ኤርትራ

ኣርእስቲ ውዕሊ፡ ውዑል ዓመታዊ ጽገናን ኣገልግሎትን
ኣገባብ ዕድጊ፡ ክፉት ጨረታ (ሃገራዊ)
ሓይሊ ኣየር ኤርትራ ንዓመተ 2024 ንትካሉ ዝውዕል ጽገናን ኣገልግሎታትን ዝህቡ ትካላት ክጫረት ስለ ዝደለየ፣ ንሕጋውያን ተወዳደርቲ ይዕድም።

1. ሓይሊ ኣየር ኤርትራ ንሕጋውያን ተወዳደርቲ ወሳብቲ ጽገናን ኣገልግሎታትን (ፕሪንተራትን ፎቶ ኮፕየራትን ውሽጣዊ መስመር ቴሌፎን ቸንትራል (PBX) Simens፡ ኣብ ሕክምና ኢናኢል ዝርከብ እሳንሰዩር (lift) ዝተፈላለየ ዓይነት ጀነረተራት፡ ምሕጻብ መካይን (ላባጆ) ፍርጃታትን ኣየር ኮንዲሽነራትን፡ ሓጸቢት ክዳውንቲ ማሽን፡ ጽገና ኮምፕዩተራትን መቀያየሪኡን፡ ጽገና ዝተፈላለየ ራድያተራታት፡ ጽገና ሞተሪኖታትን ዲናሞ ናይ ማይን) ብዕሹግ ደብዳበ ክቐርቡ ይዕድም።
2. ጨረታ ንኹሎም ሕጋውያን ተወዳደርቲ ክፉት እዩ።
3. ተጫረትቲ ቅዳሕ ናይ ዓመተ 2021 ዝተሓደሰ ፍቓድ ዋኒንን ናይ ዓመተ 2022 ክሊራንስን መንነትን የቕርቡ።
4. ተጫረትቲ ተወሳኺ ሓበሬታ ምስ ዝደልዩ ካብ ቤት ጽሕፈት ዕድጊ ሓይሊ ኣየር 155500 ወይ 155510 ናይ ጨረታ ሰነድን ሓበሬታን ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ክረኽቡ ይኽእሉ።
5. ብቑዓት ተጫረትቲ ሰነድ ጨረታ ንምውሳድ ዘይምለስ ጥረ ገንዘብ 50.00 (ሓምሳ) ናቕፋ ብምኽፋል ክወስዱ ይኽእሉ።
6. ጨረታ ኣብዚ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ኣድራሻ ዕለት 31/03/2023 ሰዓት 9:30 ወይ ቅድሚኡ ክበጽሕ ኣለዎ፣ ደንጉዩ ዝቐርብ ጨረታ ይንጸግ። ጨረታ፣ ተጫረትቲ ሕጋውያን ወኪላትን ክሳተፉ ዝደሊ ሰብን ስነስርዓት ወይ ኣኼፋፍታ ጨረታ ክዕዘቡ ዝመጽኡ ሰባትን ኣብ ዝተረኸቡሉ ኣብ ቤት ጽሕፈት ክፍሊ ዕድጊ ዕለት 01/04/24 ሰዓት 10:00 ብግልጺ ይኽፈት።
7. ጨረታ፡ ብመኽበሪ ጨረታ (cpo) 5,000.00 (ሓሙሽተ ሽሕ) ናቕፋ ክሰነ ኣለዎ።
8. ጨረታ፡ መምርሒ ዕድግን ምምሕዳር ንብረትን መንግስቲን ብዝእዝዞ መሰረት ይካየድ።
9. ሓይሊ ኣየር ኤርትራ ብምሉእ ወይ ብኸፊል ጨረታ ንምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ሓይሊ ኣየር ኤርትራ
ፖስታ ሳጹን ቁጽሪ 861 ኣስመራ ኤርትራ
ቴሌፎን 155500/155510

### 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ቐይሕ

ወ/ሮ ዛህራ መሓመድ ዓሊ እስማዒል፡ ስም ኣደይ ዛህራ መሓመዓሊ ምባል ተሪፉ፡ ፋጡማ ማሕሙድ ማዓን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን26/3/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ከሳሲት ወ/ሮ ሓረና ከበደም ገብረሂወት፡ ተኸሳሲ ኣቶ ጆን በየነ ገብረክርስቶስ በዓልቲ ቤትካ፡ ናይ ሓዳር ክሲ መስሪታትልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን18/4/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ።

# ምልክት

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## Specific Procurement Notice_ Invitation for Bids [IFB]

**IFB Number:** 06.2/01/ OCBN/AfDB-DRSLP V/AED/ FORESRTRY/YT/24
**Purchaser:** MINISTRY OF AGRICULTURE
**Project:** DROUGHT RESILIENCE AND SUSTAINABLE LIVELIHOOD PROGRAM (DRSLP V) - ERITREA PROGRAM
**Contract title:** PROCUREMENT OF FORESTRY TOOLS
**Country:** ERITREA
**Grant No.:** 5900155016104/2100155040575
**Procurement Method:** Open Competitive Bidding (National)

**OCBI / LCB No:** 06.2/01/ OCBN/AfDB-DRSLP V/AED/ FORESRTRY/YT/24
**Issued on:** 20 March 2024

1. The Ministry of Agriculture of the State of Eritrea has received financing from the African Development Bank Group hereinafter called the Bank toward the cost of the DROUGHT RESILIENCE AND SUSTAINABLE LIVELIHOOD PROGRAM (DRSLP V) - ERITREA and intends to apply part of the proceeds toward payments under the contract for the supply of Forestry Tools.
2. The Ministry of Agriculture of the State of Eritrea now invites sealed Bids from eligible Bidders for the supply of **FORESTRY TOOLS**.
3. Bidding will be conducted through the Open Competitive Bidding (National), (OCBN) method as specified in the Bank's Procurement Framework dated October, 2015 and is open to all eligible bidders as defined in the Procurement Framework.
4. Interested eligible Bidders may obtain further information from Ministry of Agriculture of the State of Eritrea, Yacob Tesfom, **yacobtesfom@gmail.com** and inspect the bidding document during office hours i.e., 08:00 to 15:00 hours at the address given below.
5. The bidding document in English may be received by interested eligible Bidders upon the submission of a written application to the address below.
6. Bids must be delivered to the address below on or before **10:30 a.m.** 23 April 2024. Electronic Bidding **will not** be permitted. Late Bids will be rejected. Bids will be publicly opened in the presence of the Bidders' designated representatives and anyone who chooses to attend at the address below on **11:00 a.m.** 23 April 2024**.**
7. All Bids must be accompanied by a Bid Security of **USD 3,000.00 or its equivalent in convertible currency**
8. The address (es) referred to above is (are): Ministry of Agriculture of the State of Eritrea
Yacob Tesfom
Head Office, Gejeret, Sawa Street,
P.O. Box 1048,
Tel. 002911189266/002911180699,
Asmara, Eritrea
Email: **yacobtesfom@gmail.com**.

### ሸሪዓ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ከሳሲት ራህዋ ዑስማን መሓመድ፡ ተኸሳሲ ዓብዱራሕማን ኣብራ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን25/4/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ፡፡

### 1ይ ቤት ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ከሳሲት ሰላም በየነ ዘርኣሃይማኖት፡ ተኸሳሲ ብርሃ ደበሳይ ተወልደ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን9/4/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.43 ቅረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ፡፡

ሃብተማርያም ገጸይ ኣብርሃ ምግቢ ተሪፉ፡ ሃብተማርያም ገጸ ኣብርሃ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/4/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.43 ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ፍትግ ሃብተ ጉብረሚካኤል፡ በዓል ቤተይ ንጉስ ጎይትኦም ኣርኣያ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሳለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቅና ደማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሉም ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/4/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

### 1ይ ቤት ፍርዲ ዞ/ደ/መንደፈራ

ኣቶ ክብሮም ጉብረስላሴ ለገሰ፡ ተጸዋዒ መም ክንፈ ጉብረሚካኤል ተኸሰ ናይ ወክልና ምስራዝ ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን10/4/24 ኣብ ቤ/ፍ 3ይ መጋብኢያ ቅረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ፡፡

ወ/ሮ ስቲ ዑስማን ዓብደልሓሚድ ስም ኣደይ ሳዕድያ ሰዒድ ምግቢ ተሪፉ፡ ሳዕዱ ያሲን መሓመድ ተባሂሉ ይተኣረመላ ስለዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/4/24 ኣብ ቤ/ፍ 3ይ መጋብኢያ ይቕረብ፡፡

### 1ይ ደረጃ ቤት ፍርዲ ደቀምሓረ

ከሰተ ወልዱ ስብሃቱ ምግቢ ተሪፉ፡ ከሰተ ኣብርሃ ፍስሃ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/5/24 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋብኢያ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ዱዳና ደሰበለ ተኽሉ፡ ትሕተ፡ ዕድመ ወደይ ዕድም ቶማስ መለስ ኣብርሃ ኣቡኡ ቶማስ መለስ ብርሃ ስለ ዝዐረፈ ንሱ ጥራይ ወራሲ ምዃኑ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/4/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

### 1ይ ደረጃ ቤት ፍርዲ ኣቑርደት

ልዋም ኣፈወርቂ ኣርኣያ ተጸዋዒ ሳምሶም ተኽሊይ በየን ኣድራሻኡ ስለ ዘይተፈልጠ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ክጽወዓለይ ይሓትት ካብ ቃል ኪዳይ ወጻኢ ዝወለድክዋ ሞግዚት ንዓቢያ ወላዲተይ ወ/ሮ ንግስቲ ዘ/ጋብር ገ/ስላሴ ክንዕበረላ ስለ ዝደለኩ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/4/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡ እንተዘይቀረብ ንሱ ኣብዘየለ ውሳኔ ክወሃብ ምዃኑ ነፍልጥ፡፡

### ቤት ፍርዲ ተሰነይ

ወ/ሮ ዓሻ ማሕሙ ዒሳ 2 ወ/ሮ እሙና ማሕሙ ዒሳ ንወ/ሮ ሳዕድያ እስማዒል ማሕሙድ ብዕለት 16/5/2022 ብቑ/መዝ/ 189/2022 ሕጋውያን ወራሲት ዝኾናሉ ገዛ ብመወከሲ ቁጽሪ 153803-098365 ዝፍለጥ ሕጋዊ መንበሪ መሬት ኣወከልናያ ከም ዝበርና ተወካሊት ኣድራሻኣ ስለ ዘይተፈልጠ ን4/424 ኣብ ቤት ፍርዲ ይቕረብ፡፡ እንተዘይቀሪባ ግን ጉዳይና ኣብዘየለትሉ ክርአ ምዃኑ ነፍልጥ፡፡


**Notice**

Notice hereby given to the public that " SKY LIGHT private Limited Company" has been formed among the following members.

A. Members

| Name | Nationality | Shares | Value in Nakfa |
|---|---|---|---|
| 1. Rigeat Weldeyesus Tekle | Eritrean | 50 | 500,000.00 |
| 2. Mussie Mesfin Berhe | Eritrean | 50 | 500,000.00 |
| | | 100 | 1,000,000,00 |

B. The head office of the company is in Asmara and branch offices may be opened within the Eritrea and outside of Eritrea

C. Business purpose of the company

a. To engage in import and export activities
b. To engage in General trade activities
c. To engage manufacturing activities of difference materials
d. To engage in clearing & forwarding activities
e. To engage in travel agent and tour operator service.
f. To engage commission agent activities
g. To engage different Tourism activities
h. To engage in cargo handling activities

D. The capital of the company is Nakfa 1,000,000,00 (one milion Nakfa) divided in to 100 nominal shares. All subscribed & fully paid up in cash. The par value of each share is Nakfa 10,000,00 (Ten thousand Nakfa).

E. Mr. Mussie Mesfin and Rigeat Weldeyesus are appointed to be the managers of the company for unlimited period of time.

F. The company is established for unlimited of time.

SKY LIGHT Private limited Company.

**Notice**

**Notice hereby** given to the public that "**OPEN GATE Private Limited Company**" has been formed among the following members.

A. Members

| Name | Nationality | Shares | Value in Nakfa |
|---|---|---|---|
| 1. Mathios Tesfamichael Teklemichael | Eritrean | 75 | 750,000.00 |
| 2 .Kibra Michael Ghebreslassie | Eritrean | 25 | 250,000.00 |
| | | **100** | **1,000,000.00**. |

B. The head office of the company is in Asmara and branch offices may be opened within the Eritrea and outside of Eritrea

C. Business purpose of the company

1. To engage in import and export activities
2. To engage in whole sale and retail trade activities
3. To engage manufacturing activities
4. To engage in clearing and forwarding activities
5. To engage in travel agent and tour operate service.

D. The capital of the company is Nakfa 1,000,000.00 (one million Nakfa) divided in to 100 nominal shares. All subscribed and fully paid up in cash. The par value of each share is Nakfa 10,000.00 (Ten Thousand nkf).

E. Mr. Mathios Tesfamikeal is appointed to be the manager of the company for unlimited period of time.

F. The company is established for unlimited period of time.

**Open Gate Private Limited Company**.

# ስፖርት

ተስፋልደት መብራህቱ

## ስፖርታዊ ውድድራት እዚ ተወርዋሪ ሓይሊ ይቕጽል

ኣብ ሜዳ መትከል ኣቤት ዝሰላሰል ዘሎ ቅነ ስፖርት እዚ ተወርዋሪ ሓይሊ፡ ዝሓለፈ መዓልታት'ውን ቀጺሉ ወዒሉ። ብ18 መጋቢት ኣብ ዝተኻየደ ውድድራት ኩዕሶ እግሪ ናይ ደቂ-ኣንስትዮ፡ ጋንታታት ቶኽር ምስ ኣልጌን እያን ተራኺበን። ናይ ቀዳማይ እብረ ጸወታ ብዘይ ሸቶ ክሰላሰል እንከሎ፡ ኣብ ናይ ድሕሪ ዕረፍቲ ጸወታ ግን ተጻዋቲት ኣልጌን የርኣበል ተ/ብርሃን ኣብ መበል 45 ደቒቕ ብዘመዝገበታ ሸቶ ኣልጌን 1-ብ0 ተዓዊታ ወጺኣ።

ኣብ ናይ ደቂ-ተባዕትዮ ጸወታ፡ መድሕን ምስ ቶኽር እዮም ተራኺቦም። እቲ ብቕልጡፍ ምንቅስቓስ ዝፈለመ ጸወታ፡ ንተዓዘብቲን ደገፍትን ኣብ ስምዒት ዘእተወ እዩ ነይሩ። ብወገን ክልቲኤን ጋንታታት ዝፍተና ዝበራ ሓደገኛ ከዓሳሱ ብዙሕ ኽልኽልትን ሓለውቲ ልዳትን ይፈሽላ ነይረን። ብዙሕ ዕድላት ዝሰረሑ 90 ደቒቕ ድማ ብዘይ ሸቶ ተዛዚሙ።

ኣብ ሰዓታት ድሕሪ ቀትሪ ኣብ ዝተሰላሰለ ናይ ኩዕሶ መርበብ ጸወታታት፡ ኣብ ናይ ደቂ-ኣንስትዮ ጋንታታት ዓላ ምስ ብድሆ ኣብ ዘሰላሰልኦ ጸወታ ብድሆ 2-ብ0 ረቲዐን። ሰዒቦም ዝተራኸቡ ኣልጌን ምስ ቶኽር እዮም። ኣልጌን ድማ 3-ብ2 ተዓዊቶም።



ንጽባሒቱ 19 መጋቢት ኣብ ዝተኻየደ ጸወታ፡ ናይ ደቂ-ኣንስትዮ ጋንታታት ዓዲ ሮሶ ምስ ዓላ እያን ፈለማ ናብ ሜዳ ወሪደን። ኣብቲ ሓያል ተወዳዳርነት ዝተርኣዮ ግጥም፡ የርሳሌም ሃብተማርያም ናይ ዓዲ ሮሶ ኣብ መበል 14 ደቒቕ ብዘመዝገበታ ሸቶ፡ ዓዲ ሮሶ ንዕረፍቲ መሪሐን ወጺአን። ድሕሪ ዕረፍቲ ኣብ ዝተኻየደ ጸወታ፡ ኣብ መበል 60 ደቒቕ ተጻወትቲ ዓላ ፍጹም ቅላዕ መቕጻዕቲ ብምርካበን ፈሺን ተሰፋይ ናብ ሸቶ ለዊጣታ። በዚ ኸኣ ክልቲአን ጋንታታት ነጥቢ ተማቒለን ወጺአን። ቀጺሎም ዝተራኸቡ ናይ ደቂተባዕትዮ ጋንታታት ኣልጌን ምስ ቶኽር እዮም። ኣብ መበል 44 ደቒቕ ተጻዋታይ ጋንታ ኣልጌን ኣማን የማነ ብዘመዝገቦ ሸቶ ድማ ኣልጌን 1-ብ0 ተዓዊቶም ክወጽኡ ክኢሎም።

ኣብቲ ዕለት ኣብ ዝተሰላሰለ ግጥም ኩዕሶ መርበብ፡ ኣብ ናይ ደቂ-ኣንስትዮ ኣልጌን ንማዘንአን ቶኽር 2-ብ0 ክረትዐአን እንከለዋ፡ ኣብ ናይ ደቂተባዕትዮ ድማ ብድሆ ንዓዲ ሮሶ 3-ብ1 ሰዒሮሞም።

ብ15ን 16ን መጋቢት ኣብ ዝተሰላሰለ ግጥማት ከኣ፡ ኣብ ናይ ደቂ-ኣንስትዮ መድሕን ንባርዕ 1-ብ0 ክረትዐአን እንከለዋ፡ ብድሆ ምስ ዓዲ ሮሶ 0-ብ0 ጸወታአን ዛዚመን። ኣብ ናይ ደቂ ተባዕትዮ፡ ባርዕ ንኣልጌን 1-ብ0 ክዕወቱሎም እንከለው፡ ብድሆ ምስ ዓዲ ሮሶ ድማ 0-ብ0 ወጺኦም። ኣብ ናይቲ ዕለት ግጥማት ኩዕሶ መርበብ ከኣ ብድሆ ንቶኽር 2-ብ0 ኣሰኒፈንአን። ባርዕ ድማ ንመድሕን 2-ብ0 ረቲዐንአን። ኣብ ናይ ደቂ-ተባዕትዮ ግጥማት፡ ኣልጌን ንባርዕ 3-ብ2 ክረትዕዎም እንከለው፡ ዓላ ድማ ንመድሕን 3-ብ1 ኣሰኒፎሞም።

ቅነ ስፖርት እዚ ተወርዋሪ ሓይሊ፡ "ስፖርታዊ ውድድራትና ንቕሎ ንልምዓት ድልዋት ንኸነሉ እንተታት፡" ብዝብል ቴማ ብ1 መጋቢት 2024 ኣብ ሜዳ መትከል ኣቤት እዩ ውድድራቱ ፈሊሙ።

## ሮቢንዮ 9 ዓመት ተፈሪዱ

ሓደ ካብ ብሉጻት ተጻወትቲ ብራዚል ምንባሩ ዝግለጽ ሮቢንዮ፡ ብዓመጽ ጓል-ኣንስተይቲ ተኸሲሱ - ኣብ ኢጣልያ 9 ዓመታት ብጽንዑ ክእሰር ተፈሪዱ። ቤት-ፍርዲ ኢጣልያ፡ እቲ ተጻዋታይ ኣብ 2013 ኣብ ልዕሊ ጓል 22 ዓመት ኣልባንያዊት ብዝፈጸሞ ዓመጽ'ዩ ኣብ ዓዱ ብራዚል ን9 ዓመታት ክእሰር ፈሪድዎ። ወዲ 40 ዓመት ሮቢንዮ፡ ኣብዚ እዋን ኣብ ብራዚል'ዩ ዝነብር ዘሎ። ኣኽብሮ ሕጊ ከተማ ብራዚልያ፡ እቲ ብቤት ፍርዲ ኢጣልያ ዝተዋህበ ውሳነ ከም ዝጸሓፉኒ እንተገለጹ፡ ሮቢንዮ ናይ ይግባይ መሰል ከም ዘለዎን ክሱብ



ሸዑ ናጻ ምዃኑን ኣፍሊጦ ኣሎ። እቲ ተጻዋታይ ኣብ 2020 ኣብ ቤት ፍርዲ ኢጣልያ ይግባይ ኢሉ ክቐንዮ ከም ዘይከኣለ ይፍለጥ። ንሱ ብዝዕባዚ ውሳነ ርእይቶኡ ክህብ ኣብ ዝተሓተተሉ፡ "እቲ ርክብ ብሓባራዊ ስምምዕ'ዩ ተገይሩ" ክብል'ዩ መሊሱ ዘሎ። ማልያ ሃገራዊት ጋንታ ብራዚል ወደዩ 100 ጸወታታት ዘካየደ ሮቢንዮ፡ ምስ ኢጣሊያዊት ክሉብ ኤሲሚላን ኣብ ዝጻወተሉ ዝነበረ ግዜ ኑቲ ገበን ከም ዝፈጸመ'ዩ ዝግለጽ። ሮቢንዮ ማልያ ስጳኛዊት ሪያል ማድሪድ ወደዩ ኣብ ዝተጻወተለን ኣርባዕተ ዓመታት፡ ክልተ ናይ ላ ሊጋ ዋናጩ ከም ዝዓተረ ዝፍለጥ ኮይኑ፡ ኣብ መስከረም 2008 ከኣ ብ32.5 ሚልዮን ፓውንድ ክብረ-ወሰን መስርሐ ምስግጋር ተጻወትቲ ብሪጣንያ ብምስባር ናብ ማንቸስተር ሲቲ ከም ዝመጸ ይዝከር። ድሕሪ ኤሲ ሚላን ናብ ቻይና ከይዱ ዝተጻወተ ሮቢንዮ፡ ምስ ብራዚላዊት ክሉብ ኣትሌቲኮ ሚኒየሮ እዩ ክጻወት ጀሚሩ።

## ቦትማን መብጣሕቲ ክገብር እዩ

ሆላንዳዊ ተኸላኻላይ ኒውካስል ስቨን ቦትማን፡ ካብ ሽዱሽተ ክሳብ ትሽዓተ ኣዋርሕ ካብ ጸወታ ክርሕቕ ከም ዝግደድ መርበብ ሓበሬታ ስፖርት በበሲ ኣፍሊጡ። ቦትማን ድሒሩ ብዘተግበረሉ መርመራ'ዩ እቲ ኣብ ብርኩ ዘጋጠሞ መጉዳእቲ መብጣሕቲ ከም ዘድልዮ ተረጋጊጹ። እቲ ተጻዋታይ፡ ዝሓለፈ ሰሙን'ዩ ጋንታኡ ኣብ ግጥም ኤፍ ኤ ካፕ ብማንቸስተር ሲቲ ኣብ ዝተሳዕረትሉ ግጥም መጉዳእቲ ኣጋጢምዎ። እዚ ወዲ 24 ዓመት ተኸላኻላይ፡ ዝመጽእ ሰሙን መብጣሕቲ ክገብር ትጽቢት ኣሎ። ኒውካስል፡ ኣብ ወግዓዊ መርበብ ሓበሬታኣ ነቲ ተጻዋታይ ሰናይ ምጽዮታ ገሊጻትሉ ኣላ። ቦትማን ኣብ ወርሒ መስከረም ናይ ዝሓለፈ ዓመት'ውን ብተመሳሳሊ ኣብ ብርኩ ብዘጋጠሞ መጉዳእቲ ካብ 17 ጸወታታት ከም ዝጠፍአ ኣይርሳዕን። ንሱ ኣብ ሓሙሽተ ናይ ምድብ ጸወታታት ሻምፕዮንስ ሊግ ኤውሮጳ ዘይምንባሩ ኒውካስል ከም ዝተሃሰየት እያ ተንተንቲ ኩዕሶ እግሪ ኤውሮጳ ዝገልጹ። ኣብቲ እዋን፡ ሓኪይም ኒውካስል እቲ ተጻዋታይ መብጣሕቲ ከካይድ ከም ዘይብሉ ብምውሳኖም፡ ድሕሪ ክልተ ወርሒ ናብ ጸወታ ከም ዝተመልሰ ይሕበር። ኣብዚ እዋን ግን እቶም ሓካይም፡



ንመጸኢ እቲ ተኸላኻላይ ብምሕሳብ ተመሳሳሊ ውሳነ ክህቡ ከም ዘይክእሉ እዮም ዘረድኡ። ምውጻእ ናይዚ ብሉጽ ተኸላኻላይ ንኣሰልጣኒ ኒውካስል ኤዲ ሃዊ ዓቢ ጸቕዒት ምዃኑ እዩ ዝሕበር። ሓላዊ ልዳት ሃገራዊት ጋንታ እንግሊዝ ዝኾነ ኒክ ፖፕ፡ ኣብ መንኩቡ ብዘጋጠሞ መጉዳእቲ ካብ ወርሒ ታሕሳስ ናይ ዝሓለፈ ዓመት ኣትሒዙ ካብ ጸወታ ከም ዝረሓቐ ዝፍለጥ ኮይኑ፡ ብራዚላዊ ኣከፋፋሊ ጆሊንተን'ን ኣጥቃዓይ ካሉም ዊልሰን'ን እውን ብተመሳሳሊ ንዊሒ እዋን ተኸሲሮም ዘለዉ ተጻወትቲ ናይታ ጋንታ ምዃናም ኣይዝንጋዕን። ቦትማን በዚ ኣጋጢምዎ ዘሎ መጉዳእቲ፡ ኣብ ዋንጫ ኤውሮጳ 2014 ንፈለማ ግዜ ማልያ ሃገራዊት ጋንታ ሆላንድ ወደዩ ክጻወተሉ ዝኽእል ዝነበረ ዕድል'ውን ኣምሊጥዎ ኣሎ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ኒውካስል ተኸላኻሊያ ኣብ ዝኸሰረትሉ፡ መራሒት ፕሪመር ሊግ እንግሊዝ ዘላ ኣርሰናል ከኣ ንተኸላኻሊያ ታከሂሮ ቶሚያሱ ሓድሽ ውዕል ከም ዘፈረመቶ ተፈሊጡ። እዚ ወዲ 25 ዓመት ጃፓናዊ ተኸላኻላይ፡ ምስ ኣርሰናል ክሳብ 2026 ዘጸንሖ ሓድሽ ውዕል'ዩ ፈሪሙ ዘሎ። ካብ ኢጣሊያዊት ቦሎኛ ኣብ 2021 ናብ ኤምሬትስ ዝመጸ ቶሚያሱ፡ ዛጊት ማልያ ጋርስ ወደዩ 73 ዝተፈላለዩ ጸወታታት ኣካይዱ ኣሎ። ኣሰልጣኒ ኣርሰናል ሚከል ኣርቴታ ብዛዕባ ሓድሽ ውዕል እዚ ተጻዋታይ ኣመልኪቱ ንጋዜጠኛታት ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ "ተፈጥራዊ ዓቕሙን ሓይሉን ዘለዎ ዝኣድ ጠባይ ወሲኽካ ክኽሰር ዘይብሉ ተጻዋታይ'ዩ" ክብል ተዛሪቡ ኣሎ። ብተጻወትቲ ኣርሰናል ፍቱው ምዃኑ ዝእመነሉ ቶሚያሱ፡ ኣብዚ ዓመተ ስፖርት ኣብ 20 ዝተፈላለዩ ጸወታታት ማልያ ኣርሰናል ወደዩ ተጻዊቱ ኣሎ። ኣብ ወርሒ ጥቅምቲ ናይ ዝሓለፈ ዓመት፡ ኣርሰናል ንሸፊልድ ዩናይትድ 5-ብ0 ኣብ ዝሰዓረትሉ ኢጋጥሚ ከኣ ቀዳመይቲ ሸቶኡ ከም ዘመዝገበ ይዝከር። ድሕሪ 2004 ንመጀመርያ ግዜ ጸዋእ ፕሪመር ሊግ ንምዕታር ትቃለስ ዘላ ኣርሰናል፡ 10 ጸወታታት ተሪፉ እንከሎ ንሊቨርፑል ብዕብለልታ ሸቶ በሊጻ ቀዳማይ ደረጃ'ያ ሒዛ ዘላ። እዛ ጋንታ፡ ዝመጽእ ወርሒ'ውን ኣብ ግጥም ርብዒ ፍጻመ ሻምፕዮንስ ሊግ ኤውሮጳ ኣንጻር ባየር ሙኒክ ክትገጥም እያ።

## ዳኒ ሚልስ ኣብ ልዕሊ ክሎፕ...

ናይ ቅድም ተጻዋታይ ማንቸስተር ሲቲ ዳኒ ሚልስ፡ ምስ ኣሰልጣኒ ሊቨርፑል ጀርገን ክሎፕ ናይ ቃላት ኩናት ጀሚሩ። ዳኒ ሚልስ፡ እቲ ኣሰልጣኒ ልዕሊ እቲ ዝግብኦ ክብሪ ይወሃቦ ኣሎ በሃላይ እዩ። ኣብ ጥቅምቲ 2015 ንብረንደን ሮጀርስ ተኪኡ ናብ ሊቨርፑል ዝመጸአ ጀርገን ክሎፕ፡ ኣብ ኣንፊልድ ኣብ ዝጸንሓለን 9 ዓመታት ዓበይቲ ዓወታት ከም ዝሓፈሰ እዩም ብዙሓት ዝሰማምዑ። ክሎፕ፡ ኣብ ሊቨርፑል ብዘይካ ጸዋእ ዩሮፓያን ሊግ ኣብ ኩሉ ዓይነት ዋናጩ ከም ዝወሰደ ዝፍለጥ ኮይኑ፡ ምስ ናይ ቅድም ኣሰልጠንቲ እታ ጋንታ ቦብ ፓይስሊይን በል ሻንክሊን ከም ዝውዳደር እዩም እንግሊዛውያን ዝሰማምዑ። ኣብ ታሪኽ እታ ጋንታ እቲ ዝበለጸ ኣሰልጣኒ ምዃኑ ዝኣምኑ'ውን ውሑዳት ኣይኮኑን። ተኸላኻላይ ሃገራዊት ጋንታ እንግሊዝ




ኮይኑ ብርክት ዝበሉ ጸወታታት ዘካየደ ዳኒ ሚልስ ግን፡ ክሎፕ ልዕሊ ዝግብኦ ክብሪ ይረክብ ኣሎ ብምባል እቲ ኣሰልጣኒ ምስ'ዞም ኣቐዲሞም ክጥቀሱ ዝጸንሑ ከም ዘይውዳደር ከረድእ ይፍትን ኣሎ። ኣብ ወርሒ ጥሪ ናይዚ ዓመት፡ ክሎፕ ሃንደበት ካብ ሊቨርፑል ከም ዝወጽእ ድሕሪ ምሕባሩ፡ ንብዙሓት ወገናት ኣገሪሙ'ዩ። ሊቨርፑል ድሕሪ ክሎፕ ክጥዕማ ከም ዘይትኽእል ብዙሓት ርእይቶኦም ኣፍሲሶም እዮም። ዳኒ ሚልስ ግን "ናይ ክሎፕ ዓወታት ምስ ናይ ካልኦት ኣሰልጠንቲ ክነጻጸር ከሎ ትሑት'ዩ። ስለዚ፡ ክትኣኽእ ከም ዘይክእል ልዕሊ ዝግብኦ ክብሪ ኣይትሃብዎ" ክብል'ዩ ዝሰማዕ ዘሎ። ዳኒ ሚልስ ኣብ ቶክ ስፖርት ኣብ ዝተባህለ ማዕከን ዜና ኣብ ዝነበሮ ክትዕ፡ "ክሎፕ ኣብ 9 ዓመታት ሓንሳብ'ዩ ዋንጫ ፕሪመር ሊግ ዓቲሩ። ሊቨርፑል ካብ ዝሓለፈ 8 ወቕትታት ኣብ 5 ብዘይዘኾነ ዋንጫ'ያ ውድድራ ወዲኣ" ዝብል መረዳእታት እዩ ኣቕሪቡ። ዋላ'ኳ እቶም ኣብቲ ክትዕ ዝበሩ ተንተንቲ፡ ክሎፕ ንሊቨርፑል ኣብ ምህናጽ ዝተጻወቶ ተራ ከረድኡ እንተፈተኑ፡ ዳኒ ሚልስ ግን "ኣብ ቸልሲ ኣብ ቀዳማይ ዓመቶም ጸዋእ ፕሪመር ሊግ ዝዓተሩ ኣሰልጠንቲ ርኢና ኢና። ሌስተር ቻምፕዮን ክትደፍእ ተዓዚብና ኢና" ብምባል ክሰምዖም ኣይከኣለን። ዳኒ ሚልስ፡ ኣሰልጣኒ ማንቸስተር ሲቲ ፐፕ ጓርዲዮላ ክንዲ ናይ ክሎፕ ክብሪ ክወሃቦ ዘይምኽኣሉ ከም ዘተሓሳስቦ እውን ኣብቲ ናይ ክትዕ መድብ ኣብሪሁ ነይሩ። እቶም መኻትዕቱ፡ ከም ሲቲን ቸልስን ዝኣመሰላ ክለባት ተጻወትቲ ኣብ ምዕዳግ ዘጥፍኣኦ መጠን ገንዘብ ክንዲ ናይ ሊቨርፑል ከም ዘይመጻጸእ ከረድእዎ ኣብ ዝፈተኑሉ ግዜ፡ ሚልስ "ሊቨርፑል ንኸም ኮቲንዮ ዝኣመሰሉ ተጻወትቲ ሸይጣ ዝረኸበቶ ገንዘብ ክትጥቀመሉ ዘይምኽኣላ ናይ ገዛእ ርእሳ ጸገም'ዩ" ክብል'ዩ መሊሱ።

# ዜና ወጻኢ

ሸዊት ተኽለ

## ብሪጣንያን ኣውስትራልያን ሓዲሽ ወተሃደራዊ ስምምዕ ከቲመን

ብሪጣንያን ኣውስትራልያን ናይ ምክልኻል ዓቕመን ከበርኽ ዝኽእል ሓድሽ ወተሃደራዊ ስምምዕ ዝሓለፈ ሓሙስ ከምዝኸተማ ተሓቢሩ።

እቲ ኣብ ኣውስትራልያ ከተማ ካንበራ ዝተበጽሐ ስምምዑ ኑተን 'ናይ ነዊሕ ዓመታት መሓዙት' ዝተባህላን ሃገራት፡ ሰራዊታተን ኣብ ክልቲኡ ሃገራት ክእንገድን ወተሃደራዊ ሓበሬታታት ክለዋወጥን መንገዲ ዝጸርግ ምኳኑ እዩ ተገሊጹ።

ሚኒስተራት ምክልኻል ክልቲአን ሃገራት ከምዝሓበርዎ፡ እቲ ወተሃደራዊ ስምምዕ - ሓንቲ ሃገር ኣብታ ካልእ ሃገር ወተሃደራት ከተዋፍርን ከተንቀሳቕሰን ዘኽእል እዩ።



ሚኒስተር ምክልኻል ኣውስትራልያ ሪቻርድ ማርለስ ድሕሪ እቲ ስነስርዓት ምፍርራም ንጋዜጠኛታት ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ "ዓለም ዝያዳ ዝተሓላለኸት ኣብ እትኾነሉ ዘላ እዋን፡ ኣገደስቲ ሽርክነታት ዘመናውነት ክለብሱ ኣድላዪ እዩ" ክብል ገሊጹ።

እቲ ስምምዑ ዝኾነ ወተሃደራዊ ስግኣት እንተደኣ ተፈጢሩ - ክልቲአን ሃገራት ክመኻኸራ ደኣ'ምበር ጣልቃ ክኣትዋ ዘፍቅድ ከምዘይኮነ እውን ይሕብር።

ብሪጣንያን ኣውስትራልያን ኣብ'ቲ ብ'ኣውኩስ' ዝፍለጥ - ንወተሃደራዊ ምስፍሕፋሕ ቻይና ኣብ ኤስያ-ፓስፊክ ንምግታእ ዝተፈጥረ ፍሉይ ሽርክነት ምኻነን ይፍለጥ።

## ቬትናም - ሓደ ዓመት ኣብ ስልጣን ዝጸንሐ ፕረዚደንት ወሪዱ

ፕረዚደንት ቬትናም ቮ ቫን ቱኦንግ፡ ንሓደ ዓመት ጥራይ ከም መራሒ ኮይኑ ድሕሪ ምግልጋል - ካብ ስልጣኑ ከምዝወረደ ተሓቢሩ።

በዚ ድማ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ዓመት ክልተ ፕረዚደንትታት ብሰንኪ ብልሽውና ካብ ስልጣን ብምእላዮም፡ እቲ ብቐልጡፍ ዝዓቢ ዘሎ ቁጠባ እታ ሃገር ብደሆ ይፈታተኖ ምህላዉን - ዴሳዊ ሰልፊ ቬትናም ሰጉምቲታት ጸረ-ብልሽውና ኣብ ምውሳድ ይጽዕም ከምዘሎን ዘርኢ ምኳኑ ይጥቀሱ።



ዴሳዊ ሰልፊ - ፕረዚደንት ቱኦንግ ብዝፈጸሞ ጥሕሰትን ጉድለታትን ገበኛ ኮይኑ ብምርካቡ ካብ ስልጣኑ ይወርድ ከምዘሎ እኳ እንተሓበረ፡ ናይ'ቲ ጥሕሰትን ጉድለታትን ዝርዝር ግን ብንጹር ኣይጠቐሰን።

እንተኾነ፡ ፕረዚደንት ቱኦንግ ኣብ'ታ ትውልዲ ኣውራጃኡ ምስ ዘጋጠመ ብልሽውና ብዝተኣሳሰር ምኽንያት - ካብ ስልጣኑ ክእለ ከምእተገደደ እዩ ዝግለጽ ዘሎ።

ፕረዚደንት ቱኦንግ፡ ዝሓለፈ ዓመት - ብሰንኪ ብልሽውና ካብ ስልጣኑ ክወርድ ንዝተገደደ ቀዳማይ ፕረዚደንት ዝነበረ ንጉየን ዙዋን ፋክ ብምትካእ እዩ ተመዚዙ ነይሩ።

ዝሓለፈ ሓሙስ ኣኼባ ዘካየደ ባይቶ ቬትናም፡ ንምልቃቕ ስልጣን እቲ ፕረዚደንት ወግዓዊ ፍቓድ ከምዝሃቦ ገሊጹ።

ዴሳዊ ሰልፊ ቬትናም ኣብ ዘውጽኦ መግለጺ፡ እቲ ስጉምቲ ተቐባልነት ከምዝረኸበ፡ ብፕረዚደንት ቱኦንግ ዝተፈጸመ ግህሰታትን ጉድለታትን - ኣብ ታሪኽ እቲ ሰልፊ ሕማቕ ኣሰር ከምዝገደፈን ገሊጹ ኣሎ።

## ሕብረት ኤውሮጳ፡ ኣብ ዝተወሰኑ ፍርያት ሕርሻ ዩክሬን ገደብ ክትግበር ወሲኑ

ሕብረት ኤውሮጳ፡ ኣብ ልዕሊ ዝተወሰኑ እታው ፍርያት ሕርሻ ዩክሬን - ክፈላዊ ገደብ ክትግበርን ቀረጽ ክስለዐን ከምዝወሰነ ተገሊጹ።

ሕብረት ኤውሮጳ፡ ብኹናት ዝተሃሰየ ቁጠባ ዩክሬን ንምድጋፍ፡ ኣብ 2022 ሕርሻዊ ፍርያት ዩክሬን ካብ ቀረጽ



ናጻ ብዝኾነ መስርሕ ናብ ዕዳጋታት'ቲ ሕብረት ክኣቱ 'ዝሕለፎ ውሳነ ንምንዋሕ ኣብ ዝገበሮ ኣኼባ እዩ - እዚ ሓድሽ ውሳነ ኣሕሊፉዎ።

ኣባል ሃገራት እቲ ሕብረት፡ ኣብ ሕርሻዊ ፍርያት ዓተርን ቀረብ መጋርጉ ከምኡ'ውን ኣብ ካልእ ኣብ ካልኦት ሃገራት ኤውሮጳ ብብዝሒ ዝፈሪ ፍርያትን፡ ታሪፍ ክስልዓ እየን ተረዳዲአን ዘለዋ።

እዚ ውሳኔ፡ ኑቲ ብሓረስቶት ኣባል ሃገራት ዝረአ ዘሎ ተረር ተቓውሞታት ክህድእ ትጽቢት ይግበረሉ።

እንተኾነ፡ እዚ ሕብረት ኤውሮጳ ኣሕሊፍዎ ዘሎ ውሳነ - ኣብ ቁጠባ ዩክሬን ሃሰያ ከምዝህልዎ እዩ ዝሕበር።

27 ሃገራት ዝሓቆፈ ሕብረት ኤውሮጳ፡ ኩናት ዩክሬን ኣመሎሚሱ ኣብ ልዕሊ ሩስያ እገዳታት ድሕሪ ምጽናዑ፡ ሩስያ ብወገና ተመጣጣኒ እገዳታት ከምዝነበረት ይፍለጥ።

ሃገራት ምዕራብ፡ ንሩስያ ንምድኻም ዝወሰዳኦ ዘለዋ ስጉምቲታት፡ ተገምጠሉ ንባዕለን ብቐሊሉ ዘይሓዊ ክሳራታት የስዕበለን ከምዘሎ እዮም ክኢላታት ዝሕብሩ።

## መጠን ወሊድ ዓለም የንቈልቁል

ኣብ መውዳእታ ናይ'ዚ ሐዚ ዘለና ክፍለዘመን፡ መጠን ወሊድ - ዳርጋ ኣብ ኩለን ሃገራት ዓለም፡ ኣዝዩ ዝተሓተ ክኸውን ምኳኑ ሓድሽ ዝወጸ መጽናዕቲ ኣጠንቂቑ።

ብመሰረት'ቲ መጽናዕቲ ክሳብ 2100 ዓ.ም. ኣብ ዘሎ እዋን፡ ካብ 204 ሃገራት ዓለምና ኣብ'ተን 198 ብዝሒ ህዝቢ እናነከየ ክኸይድ ምኳኑን፡ ሃገራት ብዝሒ ህዝበን ንምውሓስ ብደሆታት ኪጋጥመን ከምዝኽእልን ኣረዲኡ።

ኣብ'ዚ ዝጥቀስ ዘሎ እዋን ካብ ዝውለዱ ህጻናት፡ ካብ ነፍሲ-ወከፍ ክልተ እቲ ሓደ ህጻን - ኣብ ሃገራት ትሕተ-ሰሃራ ክውለድ ግምታት ከምዘሎ፡ ሶማልያ፡ ቶንጋ፡ ኒጀር፡ ጫድ፡ ሳሞዋን ታጂኪስታንን ጥራይ - በዚ ተርእዮ እዚ ክጽለዋ ከምዘይክእላ፡ እቲ ኣብ ዋሽንግቶን ብዝመደበሩ ዩኒቨርሲቲ ዝወጸ መጽናዕቲ ኣመልኪቱ።

እቲ ተርእዮ፡ ንቁጠባ ዓለምን ኣህጉራዊ ሚዛን ሓይልን ምሉእ ብምሉእ ዳግማይ ክቕልሶ፡ ሕብረተሰባት ዳግመ ምውዳብ ክገብሩ ዘገድድ ምኳኑን እቲ መጽናዕቲ ኣብሪሁ።



እቲ መጽናዕቲ፡ ካብ 1950 ክሳብ 2021 ዝተኣከበ ሓበሬታ መሰረት ዝገበረ ኮይኑ፡ ንርኽበታቱ ኣብ መረዳእታታት ቁጸራ ህዝቢን ካልኦት ምንጬታት ሓበሬታን ምርኩስ ገይሩ ዝተዳለወ እዩ።

## 'ኤች.ኣይ.ቪ' ካብ ዝተለኽፈ ዋህዮ ክእለ ተኻኢሉ

ተመራመርቲ ስነፍልጠት፡ ን 'ኤች.ኣይ.ቪ' ካብ ዝተለኽፈ ዋህዮ ክኣልዩ ምኽኣሎም ገሊጾም።

እቲ መስርሕ፡ ሽልማት ኖቤል ብዝተዓወተ ቴክኖሎጂ 'ጂን-ኤዲቲን' ከምእተኻየደ፡ እቶም ተመራመርቲ ሓቢሮም ኣለው።

እቲ መቐስ ብዝመስል መሳርሒ ብምጥቃም ዝካየድ መስርሕ፡ ኑቲ ቫይረስ ከምዝእለ ወይ'ውን ከምዝለምስ እዩ ዝገብር - ብመሰረት ሓበሬታኦም።

እዚ ዕውት ምኳኑ ዝተገልጸ ፈተነ ዘካየደ - ኣብ ዩኒቨርስቲ ኣምስተርዳም ዝርከብ ጉጅለ ክኢላታት፡ ኣብ ቀዳማይ ዙር ፈተነኡ ንርኽበታቱ ብዝምልከት ኣብዚ ሰሙን'ዚ ኣብ ዝተገበረ ኣኼባ ኣብ ዘቕረቦ ጽሑፍ፡ እቲ መስርሕ ብዙሕ ከምዝኮድሎን ንኤች.ኣይ.ቪ. ዝፍውስ ብቑዕ መድሃኒት ክኸውን ብዙሕ ግዜን መርመራታትን ዝሓትት ምኳኑን ኣገንዚቡ ኣሎ።

እቲ ጉጅለ ወሲኹ፡ "እቲ ዘሰክፍ፡ ጉድናዊ ሳዕቤናት ናይ'ዚ መስርሕ እንታይ ክኸውን ይኽእል? ዝብል እዩ" ክብል ኣረዲኡ።

ኤች.ኣይ.ቪ፡ ኣብ ደም ምስ ዝኣቱ ብቐልጡፍ ብምዝርጋሑ፡ ኣካላትና ንሕማማት ናይ ምክልኻል ዓቕሙ ከምዝዳኽሞ ይፍለጥ።

ካብ ኤች.ኣይ.ቪ. ምሉእ ብምሉእ ናጻ ክኾኑ ዝኽእሉ ሰባት ኣዝዮም ውሑዳት ምኳኖም፡ ከምኡ ክኸውን ዝኽእለ ድማ - ሕማም መንሸሮ ንምፍዋስ ኣብ ዝተፈተኑሉ እዋን እቲ ቫይረስ ብምኽፃሉ ምኳኑ ይግለጽ።

ኤች.ኣይ.ቪ. ንምጥፋእ፡ እዚ መንገዲ እዚ ኣብ ጥቕሚ ክውዕል ከምዝይብሉ እዮም ሞያውያን ዝመኽሩ።



| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
| --- | --- | --- | --- |
| ፋርማሲ ሰናይ | 22/03/24 | ጎደና ዓዲ ኣበይቶ ቁ. 89፡ ትሕቲ ቤ/ት ማርቲ ንሉተርንበር | 08370129 |
| ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ | | ቁ.ቴሌፎን 127565 | |

Sabur Printing Services